
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.299 | ሰሉስ 15 ነሓሰ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
. . . ፌስቲቫል ኤርትራ - 2023


ገጽ 5
'ዩሪክ ኣሲድ'ን ኣገባብ ፍወሳኡን



ገጽ 6
ኣካላዊ ጥዕና ስድራቤት ብሸመይ ይሕሎ


ገጽ 11
ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ስልጠና ሓደስቲ . . .



# ሃገራዊ ፌስቲቫል - 2023፡ ብ13 ነሓሰ ብወግዒ ተኸፊቱ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ንዘአንገድ ዘሎ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ - 2023፡ ብ13 ነሓሰ ብወግዒ ከፊቶዎ።

ኣቦተ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስኛታት ዝተረኸብሉ ስነስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ - ብድሙቕ ባህላዊ ጸወታታት ብሄራት ኤርትራ ተሰንዩ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ እናተዘዋወረ ተዓዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብተመሳሳሊ ኮሌጃትን ካልኦትን፡ ከምኡ'ውን ብውልቀሰባት ንዝቐረበ ወጽኢት ምህሮ፡ ሰንዓን ቴክኖሎጂን ብተማሳሳሊ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ኣደናቕቱ ገሊጹሎምን ኣተባቢዕዎምን።

እዚ 'ቅያ ስጡም ማሰርዕ' ብዝብል ቴማ ክሳብ 20 ነሓሰ ዝቕጽል ሃገራዊ ፌስቲቫል፡ ብተሳትፎ ሽዱሽተኤን ዞባታት ሃገርና ዝተዳለወ፡ ንባህርያውን ባህላውን ጸጋታትን ባህላዊ ብዙሕነትን ዘንጸባርቕ ቆጸታት፡ ባህላውን ስነ ጥበባውን መሰናድኢታት፡ ንኡኦስ ጸላታት ሚኒስትሪታትን ኩባንያታትን፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ዜናን ምክልኻልን ዝተዳለወ ስእላዊ ምርኢት፡ ባዛር፡ ምርኢት ቅብኣን መጻሕፍትን፡ ከምኡ'ውን መዛናግዒን ደምበ ህጻናትን ካልእን ሓቑፉ ኣሎ።

ተሳተፍቲ፡ ብሰንኪ ለበዳ 'ኮቪድ-19' ተቛሪጹ ዝጸንሐ ዓመታዊ ሃገራዊ ፌስቲቫል ዳግም ብምጅማሩ ሓጎሶም ብምግላጽ፡ ጸብቆና ከም ህዝብን ሃገርን ዘንጸባርቐሉ፣ ክብርታትና ዝኹስኮሰሉ፣ ባህልን ወግዒን ታሪኽን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾልዐሉ ኣጋዳሲ መድረኽ ብምዃኑ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ ስድራቤታት ድማ ብፍላይ ዕቱብ ቆላሕታ ክህብኡ ኣዘኻኺሮም።

(ተወሳኺ ጸብጻብ፡ ኣብ ገጽ 3 ኣሎ)

# ናብ ማዕከናት ሕድሪ-ሰማእታትን ስድራ-ስዉኣትን ገንዘብ ተወፍዩ

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት፡ መናበዩ ስድራ ስውኣትን መጕለዩ ዘኽታማትን ዝውዕል፡ 12,300 ዶላር ኣመሪካ፡ 235 ሽሕ ናቕፋን 1,330 ዩሮን ኣበርኪቶም።

ብመሰረት ካብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኣቶ ጕይትኦም ተስፋይ ሃይሉ ካብ ዞባ ማእከል፡ ንማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት 100 ሽሕ ናቕፋ፣ ኣብ ሆዋርድ ዩኒቨርሲቲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ሕክምና ትምህርቲ ዝከታተል ዘሎ መንእሰይ ያፌት ጺጋይ ጕጀላ ድማ፡ ምስ ስድራቤቱን ኣዕሩኽቱን ብመንገዲ GoFundMe ዝኣከቦ 135 ሽሕ ናቕፋ ንመጕለዩ ዘኽታማት ወፍዩም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበረተም ኤርትራውያን ነበርቲ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ 9 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 6,480 ዶላር ኣመሪካ፣ ሓንቲ ስድራቤት ካብ ካልጋሪ - ካናዳ 2 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 1,440 ዶላር ኣመሪካ፣ 2 ዜጋታት ካብ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ 2 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 1,440 ዶላር ኣመሪካ፣ ኣብ 'ማሕበር ምትሕግጋዝ ኣልተን' ዝተጠርነፉ ዜጋታት 2 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 1,500 ዶላር ኣመሪካ፣ ማሕበር ግዱሳት ኤርትራውያን ኣብ ሃኖቨርን ከባቢኣን - ጀርመን 2 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 1440 ዶላር ኣመሪካ፣ 2 ዜጋታት ካብ ጀርመን 2 ስድራ ስውኣት ንምንባይ 1,330 ዩሮ ከምዘበርከቱ - እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

# ዜና

# “ኣብ ፈስቲቫል ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ትሰፉው መጻኢ ዝእምት እዩ” ነጋድያን

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ሃገራዊ ፍርያት፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ዘሎ ዕቑር ጸጋታት ንምምዝማዝን ንምምዕባልን ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ኩይኑ፡ ትሰፉው መጻኢ ከምዝእምት ተሓቢሩ።

ኣብ'ዚ “ቅያ ስጡም ማሳርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብ13 ነሓሰ ብወግዒ መጋረጃኡ ዝቐንጠጠ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ብዘይካ'ቲ ንባህልን ወግዕን ዝገልጽ ትሕዝቶ፡ ንጥፈታት ኩባንያታት ዕደና ቢሻ፡ ዛራ፡ ደባርዋን ካልኦትን፡ ኣብ መካበሮ ህዝቢ ኣብርክቶ ዝገብር ብመንእሰያት ዝቐረበ ስራሓት ምህዞ ሰነዳን ቴክኖሎጂን፡ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ስርዓተ-ኣመጋግባ ክብ ዘብል ምርኢት ዘጠቓልል ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ።

“ብመንእሰያት ቀሪቡ ዘሎ ወጽኢት ምህዞን ሰነዳን፡ ዝዓለ ዓቕሚ ዘጉልሕ እጹብ ድንቂ እዩ” ዝበለ ኣባል ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓል ኣቶ ዓብደልዋስዕ ኢብራሂም፡ ሕብረተሰብና ኣብ ዕለታዊ መካበርኡ ክጥቀመሉ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ክተባብዕ ከምዝለዎ ኣመልኪቱ።

ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ኣብ መላእ ሃገር ንዘሰላስል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብቐሊሉ ክትግንዘቦን ብዓይንኻ ክትርእን ዝሕግዝ ምዃኑ ዝሓበሩ ነጋድያን፡ ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊታት ዕድመ ብዘርከቡ መንእሰያት ቀሪቡ ዘሎ ወጽኢት ምህዞ፡ ሰነዳን ቴክኖሎጂን ኣብ'ቲ ዓውዲ ዝጥረ ዘሎ ብቕዓትን ናይ ምምሃር ዓቕሚን ዘጸር ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ሓቢሮም።

ኣቕረብቲ ድማ፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል - ፍርያቶም ምስ ህዝቢ ንምልላይ ዝሕግዝ ምቹእ ባይታ ከምዝፈጠረ ብምጥቃስ፡ ስለ'ቲ ዝተፈጥረሎም ዕድል ኣመስጊኖም።




# ኣባላት ፖሊስ፡ ኣብ ከባቢ ማይ-ድምነት ልምዓታዊ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስን ጨንፈር ዞባ ማእከልን ብ10 ነሓሰ ኣብ ከባቢ ማይ-ድምነት፡ ፈልሲታት ኣግራብ ተኺሎምን ከሰኩሰምን ከምኡ'ውን ዛላታት ሰሪሖም።



በዚ ኣስታት 270 ኣባላት ዝተሳተፍዎ ወፍሪ፡ ልዕሊ 2 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽለ፡ ካብ ወደብቲ ኣካላት - ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ምምሕዳር ሌ/ኮሎኔል ሃይለ በርህ ገሊጹ።

ልምዓታዊ መደባት እውን ይጽናሓልይ ዘይብሃሎ ዕማም ብምዃኑ፡ ፖሊስ ከም ኩሎም ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ዝሓበረ ሌ/ኮሎኔል ሃይለ፡ ኣባላት ንዝርኣይዎ ዘለዉ ተወፋይነት ንኢዱ።

ገረብ፡ ከም ኩሉ ህይወታዊ ቀጻሊ ምክትታልን ናብዮትን ስለዘድልዮ፡ ክሳብ ዝዓቢ ኩሎም ጨናፍርን ስታፋትን ቦታ ብምሓዝ - ግቡእ ምክትታል ክገብሩ መደብ ከምዘሎ፡ ካብ ወደብቲ ኣካላት ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

# ዓንሰባ - 1.3 ሚልዮን ፈልሲታት ገረብ ክትከል እዩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሎሚ ዓመት ክራማት ንዘሰላስል ዘሎ ናይ ምግራብ ንጥፈታት፡ ኣስታት 1.3 ሚልዮን ፈልሲታት ከምእተዳለወ ተገሊጹ።

ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ከሰተ ተስፋጽዮን፡ ናይ ሎሚ ዓመት ምግራብ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ብህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ከምዝትግበር ሓቢሩ።



ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ዝርከባ ሸዱሽተ መደበራት ፈልሲ ካብ ዝተዳለወ 38 ዓይነታት ፈልሲ፡ እቲ 52 ሚእታዊት መበቈላዊ፣ ዝተረፈ 48 ሚእታዊት ድማ ዘይመበቈላዊ ኩይኑ፡ ኣብ'ተን ዝያዳ ብርሰት ኣግራብ ዘጋጥመን ከባቢታት ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ተከሌዛን፡ ሓልሓልን ገለብን ብዝበዝሒ ቀላሚጦስ ክትከል መደብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣቶ ከሰተ፡ ህዝቢ ካብ ወቕቲ ሓጋይ ጀሚሩ ዘሰላስሎ - ናብ ምፍዋስ ማይ-ኩዖታት፡ ከምኡ'ውን ናብ ዛላታትን ከትርታትን ዝቐነዐ ስራሓት፡ ወፍሪ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ተወሲኽዎ፡ እቲ መደብ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝሓሸ ክትግበር ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ካልእ ዜና፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንኡሳን ዞባታት ኣቑርደትን መንሱራን፡ ብኣማሚልን መካይንን ተጻዒኑ ኣብ ዳዕሮታይ ክእከብ ዝጸንሐ 1,800 መሸማዕ ፈሓምን ዕንጸይትን፡ ብምትሕብባር ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣባላት በዓል-ስልጣን ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ተታሒዙ።

እቲ ፈሓምን ዕንጸይትን ብዘበሎ ክሓልፍ ስለዘይክእል፡ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ኣስመራ ክኣቱ ዝተዳለወ ምንባሩ፡ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ተጋዳላይ ባህታ ስብሃቱ ተሰዊኡ

ኣባል እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ጉዱም ተጋዳላይ ባህታ ስብሃቱ ጠያሙ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ብ10 ነሓሰ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ባህታ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ክፍሊ ዜና፡ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ መጓጓዝያን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ክፍሊ መጓጓዝያ፡ ስታፍ ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ስታፍ ምምሕዳር ክፍለሰራዊት 24 ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።




ተጋዳላይ ባህታ ስብሃቱ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቒን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ 12 ነሓሰ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ክፍለሰራዊት 24፡ ብምስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ባህታ ስብሃቱ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ኢሉ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
SSS_4157

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቀሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ 1284

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ኣስናንና ንጥዕና መላእ ኣካላትና

ከም ኩሉ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና፡ ኣፍና ብባክተርያ ይውረር እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ባክተርያ ከኣ ጉዳኣቲ እዮም። ኣፍና መእተዊ መግብን እስትንፋስን ብምዃኑ ድማ፡ እቶም ባክተርያ ናብ ውሽጢ ሰብነትና ብምስላኽ - ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕናና ጉድኣት ከውርዱ ይኽእሉ።

=> ‘ኢንዶካርዲቲስ’ (Endocarditis)፦ እዚ ካብ ኣፍና ዝመጽእ ባክተርያ፡ ንሻምብቆታት ደም ብምውራር - ኣብ ልዕሊ ልቢ ጉድኣት ከውርድ እንከሎ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

=> ጸገማት ኣብ ጥንሰን ሕርስን (Pregnancy and birth complications)፦ ግቡእ ጽሬትን ክንክንን ኣፍን ኣስናንን ዘይትኽተል ነፍሰጾር፡ ትሕተ ንቡር ክብደት ወይ መዓልቱ ዘይኣኸለ ህጻን ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ይግለጽ።

=> ኒሞንያ (Pneumonia)፦ ኣብ ኣፍና ዝፈርዩ ገለ ዓይነት ባክተርያ፡ ምስ እስትንፋስ ተሳሒቦም ናብ ሳንቡእና ብምእታው፡ ኒሞንያን ካልእ ናይ እስትንፋስ ጸገማትን ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

=> ሕማም ሽኮር፦ ሕማም ሽኮር፡ ሰብነትና ረኽሲ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብምጉዳል፡ ግርጻንና ንዘፍኣ መጉዳእቲ ተቃላፊ ይገብሮ። ረኽሲ ግርጻን ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ግዳያት ሽኮር ብዝበዝሐ ከም ዝርአ መጽናዕትታት የመልክቱ።

=> ምህማክ ዓጽሚ (Osteoporosis)፦ እዚ ጸገም’ዚ ትሑት ጽሬት ኣፍን ኣስናንን ኣብ ዘኽትሉ ሰባት ዝያዳ ከም ዝርአ ይሕበር።

ጥዕና ኣስናንና ንምሕላው ዘኽእሉ መገድታት

* ኣስናንና ከይሓጸብና ናብ ዓራት ዘይምድያብ

ክኢላታት ሲ ከም ዝመኽርዎ፡ ኣብ መዓልቲ እንተወሓደ ክልተ ሳዕ ኣስናንና ክንሕጽብ ይግባእ። መብዛሕትና ነዚ ምኽሪ’ዚ ዕሽሽ ብምባል፡ ኣብ ክንክን ኣስናን ተጉዳስነት ክሕጽር ንርአ ኢና። ቅድሚ ናብ ዓራት ምድያብና ኣስናንና ብዘየገድስ ምስ እንምውዱ፡ ኣብ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ኣስናንና ዝተኣከቡ ታህዋስያን (germs) ንምርሓቕ ዝሕግዝ ተረፍ መግቢ ንምእላይ የኽእለና።

* ብግቡእ ኣስናንና ክንምውጽ ምኽኣል

ኣስናንና ንምምዋጽ እንኽተሎ ኣገባብ ወይ መንገዲ፡ ኣብ ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ኣገዳሲ እዩ። ድኹም ኣገባብ ኣመዋውጻ ኣስናን ልክዕ ኣስናን ከም ዘይምምዋጽ እዩ ዝቖጸር። ኣስናንና ክንምውጽ እንከለና፡ እኹል ግዜ ክንህቦ ይግባእ። ኩሉ ክፍሊ ኣስናንና ብዝግባእ ክንሓጸቦ የድሊ። ኣስናንና ብግቡእ ምስ ዘይንምውጾ ንምብዕሳኽን ምምሽማሽን ከም ዘቃልዓና ክስተውዓል ይግባእ።

* መልሓስና ምጽራይ ዘይምርሳዕ

ንኣስናንና ዝሃስዩ ታህዋስያን - ኣብ መልሓስና ተዓቚቦም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ታህዋስያን እዚኣቶም ሕማቕ ጨና ኣፍ ካብ ምፍጣር ሓሊፎም፡ ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ናይ ኣፍ እውን ከስዕቡልና ይኽእል እዮም። ኣስናንና ኣብ እነጽርየሉ እዋን መልሓስና ብግቡእ ክንሓጽብ ከምዘለና ይምከር።

## ‘ዩሪክ ኣሲድ’ን ኣገባብ ፍወሳኡን




‘ዩሪክ ኣሲድ’፡ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ሕማም ሪሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ሕማም’ዚ ዓይነት ነድሪ መላግቦ ኮይኑ፡ ብምትእኽኻብ ሽንታዊ ኣሲድ (uric acid) ኣብ መላግቦ መሓውር ይኽሰት። ንኽቱር ምቅጻል መሓውርን መላግቦን ድማ የቃልዕ። እዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም’ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ክርአ እንከሎ፡ ድሕሪ ብትኽተ-ጽግያት (postmenopause) ንዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ እውን የጥቅዕ እዩ።

ሓደ ብሕማም ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ከቢድ ቃንዛ፡ ደም ዝሰረበ ዝመስል ቆርበት ሰብነት፡ ሕበጥ ኣብ ኣጻብዕቲን ካልእ ክፍሊ ምላግቦን ከርኢ ንቡር እዩ።

‘ዩሪክ ኣሲድ’ ልዑል ትሕዝቶ ካርቦ ሃይድሬትስ ልዑል ስብሒ፡ ኣልኮላዊ ማስተ፡ ብብዝሒ ስጋ ከብቲ ብምምጋብ ክኽሰት ይኽእል። እቲ ሓደጋ ከም ወጥሪ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሽኮር፡ ምኽሳዕ ጸገም ኩሊትን ካልእን ምስ ዝሕወሶ ዝኸፍአ ይኸውን። ዝበዝሕ እዋን፡ ኣብ ሕክምና ብዘይምኽባር ግቡእ ክንክን ኩላዊ ይኽእል እዩ።

ገለ ጥዕናዊ ኩነታትና፡ ከም’ኡ’ውን ኣመጋግባናን ጀነቲካዊ ተወርሶናን፡ ልዑል ማጠን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ኣብ ሰብነትና ከምዝህሉ ይገብር እዩ። ኣብ ኣመጋግባና ለውጢ ብምግባር፡ ንኣብነት ኣልኮላዊ ማስተ ካብ ምውሳድ ብምቑጣብ፡ ከም’ኡ’ውን ገለ ስብሒ ካብ ዘለዎም መግብታት ብምሕራም፡ ኣብ ሰብነትና ዘሎ ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ከጉድሎ ይከኣል እዩ።

‘ዩሪክ ኣሲድ’ ካብ ዝተቐቑ ሜታቦላይዝ ዝኾነ ‘ፑሪንስ’ (Purines) ዝተባህለ ሳብስታንስ ዝሓዘ መግቢ ዝመጽእ ጉሓፍ እዩ። ‘ፑሪንስ’ ብልዑል ዓቐን ኣብ፦

ቀይሕ ስጋ፡

ከም ጸዕም ከብዲ ኩሊትን ልብን ዝኣመሰሉ ስጋ ናይ ውሽጣዊ ኣካላት፡

ሳርዲን፡

በራ ዝኣመሰሉ ሃለኽቲ ደርሆ።

‘ፑሪንስ’ ኣብ ኣካላትና ክፍጠር፡ ኣብኡ’ውን ክሓቕቕ ይኽእል እዩ።

ከም ልሙድ፡ ሰብነትና ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ብኩሊት ተመጺዩ ብምትራፍ ብመልክዕ ሽንቲ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብሮ። ልዑል ዓቐን ‘ፑሪንስ’ ዘለዎ መግቢ ምስ እንወስድ፡ ወይ’ውን ሰብነትና ነቲ ኣብ ኣካላትና ዝሀሉ ‘ፑሪንስ’ ቀልጢፉ ክኣልዮ ምስ ዘይክእል፡ ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ክህሉ ይኽእል።

ኣብ ደምና ክህሉ ዝኽእል ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ትሕቲ 6.8 ሚሊ ግራም ኣብ ደሲ-ሊትር (mg/dL) እንተኾይኑ ንቡር እዩ። ኣብ ደም ልዕሊ 6.8 ሚሊ ግራም ኣብ ደሲሊትር እንተሎ፡ ልዑል ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ወይ’ውን ሃይፐሩሪሰሚያ (hyperuricemia) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ ዓቐን’ዚ ዝጸሓ ሰብ፡ ብሕማም ሪሕ (gout) ክሳቐ ግድን ይኸውን። ደሙን ሽንቱን ድማ፡ ኣዝዩ ኣሲድ ዝበዝሖ ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ ብቃንዛ መላግቦ ይሳቐ።

‘ዩሪክ ኣሲድ’ ኣብ ደምና ከምዝኣከብ ዝገብሩ ጠንቅታት ብዙሓት እዮም። ገለ ካብኦም፦

* ኣመጋግባ፡

* ተወርሶ፡

* ምኽሳዕ ወይ ልዕሊ ንቡር ክብደት ምውናን ክጥቀስ ይከኣል።

ገለ ሕዱር ሕማማት’ውን ልዑል ማጠን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ክህልወካ ይገብሩ እዮም።

* ሕማም ኩሊት፡

* ሕማም ሽኮር፡

* ‘ሃይፖታይሮይዲዝም’ (hypothyroidism)

* ሕማም መንሽሮ፡

* ሕማም ቆርበት (psoriasis)

ሽኮር

ሽኮር፡ ከም ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን ምስ ዘለዎም መግብታት፡ ኣብ ሰብነትና ዘድሊ ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ከምዝወሃሉ ኣብ ምግባር ተራ ኣለዎ - ንኣብነት ‘ፍሩክቶዝ’ (fructose)።

‘ፍሩክቶዝ’ እንታይ እዩ?

‘ፍሩክቶዝ፡ ኣብ ፍረታትን መዓርን ዝርከብ ዓይነት ሽኮር እዩ። ኣካላትና ጸዓት ክረክብ ምእንቲ፡ ዚ ዓይነት ሽኮር’ዚ ናብ ግሉኮስ ክቕየር ንጡፍ ስራሕ እዩ ዘካይድ። ወጽኢት ናይ’ዚ ዕዮ’ዚ ድማ ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ክፍጠር ንቡር እዩ። ኣብ ኣካላትና ልዑል ማጠን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ምህላው፡ ‘ኒትሪክ ኦክሳይድ’ (nitric oxide) ክፍረ የተኣናብዕ። ‘ኒትሪክ ኦክሳይድ’ ጸቕጢ ደምና ንምዕቃብ ዝሕግዝ ኬሚካላዊ ውህደት እዩ።

ልዑል ዓቐን ‘ፍሩክቶዝ’ ምውሳድ ግና፡ ናብ ሓደገኛ ዓይነት ኮለስትሮል ስለ ዝቕየሩ፡ ናይ ስብሒ መልክዕ ብምሓዝ ኣብ ኣካላትና፡ ኣብ ሻምብቆታት ደምናን መላግቦ መሓውርናን ይኽዘኑ። ንሕማም ሪሕ ድማ ንቃልዕ። እዚ ዓይነት ሽኮር፡ ዋላ ነቲ ምስ መግቢ ሓዊስና ንጥቀመሉ ሽኮር ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

ሽኮራዊ ልስሉስ ማስተ

ከም ኮካ ኮላ ዝኣመሰሉ ልስሉስ ማስተን ጽማቝን፡ ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎም። ኣብ ልስሉስ ማስተ ዝርከብ ሽኮር (ማለት ‘ፍሩክቶዝ’) ቀልጢፉ እዩ ዝምሕቕ። ምኽንያቱ፡ ጽሕማን ከም ፕሮቲን ዝኣመሰሉ ካልእ መኣዝናዊ ትሕዝቶን ስለ ዘይብሉ። እዚ፡ ነቲ ኣብ ደምና ዝህሉ ማጠን ሽኮር ብቐሊሉ እዩ ከም ዝውሰኽ ዝገብሮ። ንልዑል ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ክንቃላዕ ድማ ግድን ይኸውን።

ኣልኮላዊ ማስተ

ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተ ምውሳድ፡ ንጠንቅታት ሕማም ሪሕ ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ እዩ ዘደይቦ። ኣብ 2004 ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ በራ ኺ ጸገም’ዚ ካብ ዘቃልዑ ብቑዓምነት ዝጥቀስ ኣልኮላዊ ማስተ ኮይኑ ተረኺቡ።

ኣብ ሰብነትና ዘሎ ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ብኸመይ ነጉድሎ?

**=> ብብዝሒ ማይ ምስታይ**

ማይ ብብዝሒ ምስታይ፡ ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ሓደ ካብቲ ጥቕሙ፡ ኣብ ሰብነትና ዘሎ ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ምጉዳል እዩ።

**=> ካብ ኣልኮላዊ ማስተ ምሕራም**

ልዑል ኣልኮላዊ ማስተ ምውሳድ፡ ንንቕጸት ሰብነት እዩ ዘቃልዓና። እዚ ድማ ኣብ ሰብነትና ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ንኽእከብ ዝገብር ጠንቂ እዩ።

ገለ ዓይነት ኣልኮላዊ ማስተ፡ ንኣብነት በራ ልዑል ትሕዝቶ ‘ፑሪንስ’ ከም ዘለዎ ኣስተብህል።

**=> ምቕናስ ክብደት ሰብነት**

ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን፡ ኣብ ሰብነትና ብብዝሒ ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ከምዝፈሪ ይገብር። ዝፈረየ ‘ዩሪክ ኣሲድ ካብ ሰብነትና ብመልክዕ ሽንቲ ብቐሊሉ ንደገ ከይወጽእ’ውን ይዕንቅፍ እዩ። ስለ’ዚ፡ ክብደት ሰብነትና ምቁጽጻር ዝበለጸ ኣገባብ ምጉዳል ዓቐን ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ኣብ ሰብነትና ምዃኑ ክስተብሃል ይግባእ።

**ብተወሳኺ...**

ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲንን ‘ፑሪንስ’ን ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቑጣብ፡ ብርሽን፡ ስጋ ደርሆ፡ ስጋ ከብቲ፡ ገዓት ወዘተ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም ዓይነት መግብታት እዮም።

ዓቐን ናይ እትወስዶ ፎርማጆ ምጉዳል።

ሽንታዊ ኣሲድ ዘጋድዱ መድሃኒታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ፡ እዚ ምስ ሓኪምካ ብምምኽኻር ክትገብር ይከኣል።

ቪታሚን ‘ሲ’ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ብብዝሒ ምውሳድ። ቪታሚን ‘ሲ’ ኣብ ኣካላትና ዝህሉ ማጠን ሽንታዊ ኣሲድ ኣብ ምጉዳል ልዑል ተራ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የመልክቱ።

ፍሩታታትን ኣሕምልትን መዓልታዊ ምምጋብ፡ ምቁር ድንሽ፡ ሰዴኖ፡ ዘኩኒ ወዘተ ንኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ስትረው በሪን ኣናናስን ቀጻሊ ምምጋብ፡ እዞም ፍሩታታት እዚኣቶም ኣብ ሰብነትና ንዝርከብ ‘ዩሪክ ኣሲድ’ ኣብ ምጥፋእ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎም።

ዝንጅብልን ሁሩድን ናይ ጸረ-ምቅጻል ባህሪ ኣለዎም። ስለ’ዚ፡ ብሕማም ሪሕ ክፍጠር ንዝኽእል ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎም።

ምንጪ፦ health line



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:10 | FILM |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ምርኢት ኣየር |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መደብ ካብ ፈስቲቫል |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ኣካላዊ ጥዕና ስድራቤት ብኸመይ ይሕሎ



ቈልዑ መዓልታዊ ንሓደ ሰዓት ዝጸንሐ ፍኹስ ዝበለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ የድልዮም። እዚ ዝተማለአ ጥዕናን ኣካላዊ ቁመናን ከምዝህልዎም ዝገብር ምዃኑ ድማ ክኢላታት ይገልጹ። የግዳ ዝበዝሑ ቈልዑ ከምዚ ዓይነት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክህልዎም ዕድል ኣይረኽቡን እዮም። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ዝበዝሕ ግዜኦም ኣብ መጠኑ ዝሓለፈ ምዝንጋዕ፡ ቴለቪዥን ኣብ ምዕዛብ፡ ኮምፕዩተርን ሞባይልን ኣብ ምጥዋቕን ናይ ቪድዮ ጌም ኣብ ምጽዋትን ከምዝሕልፍዎ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ዝበዝሑ ቈልዑ ግዜኦም ኣብ ጸወታ፡ ንጥዕናኦም ኣብ ዝሓሸን ኣተሓሳስባኦም ኣብ ዘልምዕን ናይ ኮምፕዩተርን ተለቪዥንን ምዕዛብ ዘሕልፍዎ እምበር፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣልያ ናይ ወለዶም ምዃኑ ኣየጓትዕን፡ መጽናዕትታት'ውን ነዚ ሓቂ እዚ እዮም ዘረጋግጹ።

ስለዚ ወለዲ፡ ደቆም ንጥዕና ዝጠቅም ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ ኣብ ዘተባብዕሉ ግዜ፡ ፈለማ ክወስድዎ ዘለዎም ስጉምቲ፡ ቴለቪዥን ናይ ምዕዛብን ሞባይል ናይ ምጥዋቕን ግዜ ምቁጽጻር ክኸውን ኣለዎ። ብድሕሪዚ ናብዚም ጥዕና ቈልዑ ኣብ ምውሓስ ክሕግዙ ዝኽእሉ ነጥብታት ብምስጋር፡ ናብ'ቲ ዝደለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስጋር ይከኣል፦

- ፕሮግራም ኣካላዊ ምንቅስቓስ፦ ስድራቤት እተካይዶ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ልሙድን ዘይቅየርን ኣካይዳ ክኽተል ኣይግባእን። መዓልታዊ ምንቅስቓስ እተካይደሉ ስሩዕ መደብ ግን ክህሉ ኣለዎ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ እተካይደሉ ፍሉጥ ሰዓታት ምኽታል፡ ወለዲን ደቆምን ሓደ እሩም ኣካይዳ ተኸቲሎም ንኸሰላስልዎ እዩ ዝሕግዞም። ስለዚ፡ ምስ ትምህርቶምን ናይ ዕረፍቲ ግዜኦምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱሉ መደብ ምውጻእ ወለዲ ክዘንግዕዎ ዘይብሎም ጥዕና ደቆም ዝሕልወሉ ቀዳማይ ስጉምቲ ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ስፖርት ምድጋፍ፦ ዝበዝሑ ወለዲ ነቲ ኣብ ቤት ትህምህርቲ ዝወሃብ ናይ ስፖርቲ ትምህርቲ ኣይጸቕጠሉን እዮም። ብሰንኪ'ዚ ድማ ቈልዑ ኣብ ኣካላዊ ትምህርቲ (ስፖርት) ዝህልዎም ተገዳስነት ይጐድል። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ኣብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ሸለልትነትን ትህኪትን የርእዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ምስ መማህራን ናይ ስፖርትን ኣመሓደርቲ ናይ ቤት ትምህርቲን ርክብ ክህልዎም ይግባእ። በዚ ከኣ፡ ደቆም ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ተገዳስነት ዘለዎም ይኾኑ።
- ንስፖርታዊ ምዝንጋዕ ዝኸውን ግዜ ምፍላይ፦ እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ፡ ኣብ ቀዳመ ሰንበትን ሰራሕ ኣብ ዘይብልካ መዓልታትን ዝትግበር ኰይኑ፡ ብሸኸለታ ብምዝዋር ወይ ካልእ ስፖርታዊ ንጥፈታት ብምክያድ፡ ፍኹስ ዝበለ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ክግበር ይከኣል። ስድራቤት ብምሉኣ ምስ እትጸንበር ድማ ዝያዳ ኣድማዒ ይኸውን፤ ኑቶም ቈልዑ'ውን ኣብ ስፖርት ዝህልዎም እውታዊ መረዳእታ ንኸዕብዩ ይሕግዞም።
- ኮማዊ መዘናግዒታት ምጥቃም፦ ስድራቤት ጥዕናኣን ጥዕና ደቃን ንምሕላው ኣብ እትገብሮ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ከባቢኣ ንዘርከቡ ማእከላት መዘናግዒታት ክትጥቀመሉ ጸቡቕ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ናይ ስፖርት ሜዳታት ከምኡ'ውን ከም ማሕበር ምሕንባስን ጉያን ዝኣመሰሉ ኣብ ማሕበራት ስፖርት ክትጽንበር ኣለዋ።
- ጕረባብትኻ ከምዝጸንበሩኻ ምግባር፦ ስድራቤት ኣብ ከባቢኣ ዝርከቡ ስድራቤታትን ደቆምን ኣብ'ቲ ጥዕናኣ ንምሕላው እተካይዶ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንኸሳተፉ ክትውድቦም ኣለዋ። ከም ጸወታ ኩዕሶ እግርን ዝላ ገመድን ዝኣመሰሉ ንቘልዑ ዓብይቲን ዘዃናጉዑ ዝምስጡን ንጥፈታት ውድድር ስርዓ ክተካይድ ይግባእ።
- ሳዕሪታት፦ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ቈልዑ ሳዕሪት ይፈትዉ እዮም። ስለዚ ወለዲ፡ ቈልዑ ወይ መንእሰይ እንክለዉ ዝፈትውዎም ዝነበሩ ደርፍታት ተጠቒሞም ከምዝስዕሱ ክገብሩ ኣለዎም። ማዕረ ማዕረኡ፡ ንደቆም'ውን ድሌቶምን ቃሕታኦምን ንኸንፍሉ ዕድል ክህብዎም ይግባእ። በዚ ሜላ'ዚ ስድራቤት ንጥዕናኣ ዝሕግዝ ፍኹስ ዝበለ ስፖርታዊ ምንቅስቓሳ ክተካይድ ትኽእል እያ።
- ቈልዑ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱሉ ስፖርታዊ ንጥፈታት ምልላይ፦ ቈልዑ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክዘውትሩ ይደልዩ። ከምዚ ዓይነት ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣዘናጋዕቲን ሰሓብቲን ስለዝኾኑ፡ ወለዲ ንደቆም ኣብ ከምዚ ዓይነት ስፖርታዊ ንጥፈታት ክለልዩዎምን ክሳተፉ ክተባብዕዎምን ተመራጺ እዩ።

## ኣብ ዕብየት ህጻናት ክንፈልጦም ዘለና ነጥብታት

ዘይተመጣጠነ መግብን ተደጋጋሚ ረኽሲን ጉድለት መግቢ ኣኸቲሎም ኣካላውን ኣእምሮኣዊን ምዕባለ ሚልዮናት ህጻናት ዝዐንቅጹ ዘለዉ ምኽንያት ክኢላታት ዝገልጽዎ እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ዕብየት ህጻን ዓንቀጽቲ ዝኾኑ ነገራት ንምውጋድ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ጥዕና ዓቢ ወጽኢት ይሕፈሶ ኣሎ። እንተኾነ ብሰንኪ ሸለልትነትን ሕጽረት ኣፍልጦን ስድራቤታት፡ ዕብየት ህጻናት ክተዓናቐፍ ደርኡ እዩ። እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት፡ ስድራቤት ግቡእ ዕብየት ህጻን ንምርግጋጽ ክትፈልጦም ዘለዋ እዮም፦

1. ህጻን ካብቲ ዝተወልደላ ክሳብ ሰለስተ ዓመት፡ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ወርሒ ክማዘን ክኽእል ኣለዎ። ንኽልተ ወርሒ ዝኣክል ናይ ክብደት ለውጢ እንተዘይኣምጺኡ ግን ገለ ጸገም ኣሎዎ ማለት እዩ። ክብደት ዘይመወሰኽሉ ምኽንያት ድማ ሕማም፡ ጉድለት መግቢ ወይ ግቡእ ኣቓልቦ ዘይምርካብ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ስሩዕ ወርሓዊ ወሰኽ ክብደት እቲ ቀንዲ ምልክት ሓፈሻዊ ጥዕናን ዕብየትን ህጻን እዩ። እቲ ኣገዳሲ ግን ናይ ጉዳእ ርእሱ ወርሓዊ ወሰኽ ክብደት እምበር ምስ ካልኦት ህጻናት ብምንጽጻር ዘርእዮ ፍልልይ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ጡብ ምጥባው ካብ'ቶም ኣዘውቲሮም ዝርኣዩ ሕማማት ይከላኸለሉን ግቡእ ዕብየቱ ድማ የረጋግጸሉን። ከምኡ'ውን እቲ ህጻን ምልእ ክታብት ክወስድ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ጉድለት መግቢ ከስዕቡ ካብ ዝኽእሉ ሕማማት ይከላኸለሉ።

2. ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዕድመ ናይ ህጻን፡ ጸቡጠብ ንብዩ ዝበለጸ መግቢ እዩ።

3. ህጻን ኣብ ኣስታት ሻዱሻይ ወርሒ ናይ ዕድመኡ ኣብ ርእሲ ጸቡጠብ ኣደኡ ካልእ ተወሳኺ መግቢ የድልዮ።

4. ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝዕድመኡ ህጻን ኣብ መዓልቲ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሽዱሽተ ግዜ መግቢ ክወሃቦ ኣለዎ።

5. ንትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት፡ ኣብ'ቲ ልሙድ ናይ ስድራቤት መግቢ ሓደት ቅብኣት ማለት ከም በዓል ጠስሚ መሳለ ክውሰኸሎም የድሊ።

6. ኩሎም ቈልዑ ሃብታም ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ' ዘለዎም መግብታት ማለት - ጸባ ጡብ፡ ቀጠልያ ኣሕምልቲን ብርቱኳን ዝኣመሰሉ ኣሕምልትን ፍረታትን የድልዮም።

7. ህጻን ድሕሪ ምሕማሙ ብውሕዱ ንሓደ ሰሙን ኣብ መዓልቲ ሓደ ተወሳኺ መግቢ የድልዮ።



## ምስ ዓማጺ መጻምድቲ ብኸመይ

ምስ ሓደ ብስምዒት ዝዕምጸካ መጻምድቲ ወይ ዓርኪ ምንባዝ እቲ ዝኸፍአ ተመክሮ ናይ ሂወት ምዃኑ ኣየጓትዕን። ምረቱን ኣእምሮኣዊ ሃስያኡን ድማ ዝያዳ ኣብ ከምዚ ዝምድና ዝበረን ዘሎ'ን ሰብ ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ።

ጸብጻብ ከምዝምልክቶ፡ ኣብ ዝምድና ሓዳር ይኹን ዕርክነት፡ መብዝሕትኡ እዋን ግዳይ ዓመጽን ጸርፍን ዝኾና ደቀንስትዮ እየን። ኣብ ሃገርና'ውን ጸጺ.ይ መጽናዕቲ ዝሓተተ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሓዳረን ካብ ሰብኡተን ዘይተደልየ ዓመጽ፡ ጸርፊን ማህረምትን ካልእ ኣእምሮኣዊ ስቅያትን ዝወርደን ደቀንስትዮ ቁጽሪ ውሑድ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

ገለኣን እቲ ተግባራት ምስ መረረን፡ "ምስ ደቀይ ሰላምን ዕረፍትን ዝረኽበሉ ውልቃዊ ሂወት ምምራሕ ይሕሸኒ" ብምባል ፍትሕ ክመርጻ ከለዋ፡ ገለ ድማ ቃል ኪዳነን ንኸየፍርሳን ደቀን ንኸየቑርራን ኣብ ዓመጽ መጻምድቲ ዝተበለሎ ሓዳር ሂወተን ዘሕልፋ ኣለዋ። እቲ ዝፍጸም ዓመጽ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ገሊኡ ዓመጽ ግን ሰብኣዊ ርህራህ ዘይብሉ፡ ንበዓልቲ ቤት ከም ኣገልጋሊት እምበር ማዕረኻ ከምዝርኣ ዘይገብር እዩ። ኣገባብ ብምዃኑ ዝያዳ ኣሰክፊን ሳዕቤናውን ይገብሮ።

ሓንቲ ስማ ክትጠቅስ ዘይደለየት ወጻእተኛ ደላይት ምኽሪ በዓልቲ ሓዳር፡ ኣብ ሓደ ምኽሪ ዝህብ መርበብ ሓበሬታ ከምዚ ዝበለ ጽሑፍ ብምስፋር ካብ በዓል ሞያ ምኽሪ ትሓትት። "በዓል ቤተይ ኣገዳሲ ሓራቕ እዩ። ብዙሕ ግዜ ስለዝሓርቕ ከኣ ኣብ ዝሓርቐሉ ግዜ፡ ኣብ ልዕለይ መግለጺ ዘይብሉ ዓመጽን ጸርፊን የውርድ። ገለ እዋን'ውን ክሳብ ኣካላዊ ማህረምቲ የስዕበለይ። ብኸምዚ ከኣ ብውሽጠይ እናበኸኹን 'ስለ እንታይ ክብለኒ' እናበልኩን ን15 ዓመት ተጻዊረዮ ይገዓዝ ኣለኹ። እዚ መገበርያይ ድማ ንስለ ደቀይን ቃል ኪዳነይን ብምሕላይ እዩ። ሎሚ ግን ተሰኩ እቕርጽ፡ እጭቁቕን ሓዳር ጠንጢንኪ ወጺ ዝበል ሓሳባት ክዕብልለኒ ጀሚሩ ኣሎ። እንታይ ክገብር ከምዝለኒ ሓርቢቱኒ ስለዘሎ ምኽሪ በዓል ሞያ እደሊ ኣለኹ" ትብል።

ምኽሪ ዝለገሰላ በዓል ሞያ ድማ ከምዚ ክብል መለሰ ይህባ፡ "ጉዕዞ ሂወት ለማጽ መገዲ ኣይኮነን - ብዙሕ ሓፍ ኮፍ ዘለዎ መገዲ ዝሓዘ እዩ። ኩሉ ሰብ ድማ ይዕበ ይንኣስ በዚ ብዙሕ ገድሊን መከራን ዝሓትት ጉዕዞ ሂወት እዩ ዝምርሽ ዘሎ። ስለዚ፡ ቅድም ቀዳድም ንብዩንኺ ዘጋጥመኪ ዘሎ ሽግር ዘይምዃኑ ፍለጢ። እዚ ክብል ከለኹ ግን ኣብ ልዕለኺ ዝወርድ ዘሎ ዓመጽ - ጸርፊን ማህረምቲን ካልእን ተቐቢልኪ ቀጺልኪ ንምባል ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ሓደ ስጉምቲ ንኽትበጽሒ፡ ቅድም እቲ ዘጋጥመኪ ዘሎ ነገር ሓደ ካብ'ቲ ንብዙሓት ኣብ ሂወቶም ዘጋጥሞም ዘሎ ተርእዮ ምዃኑ ክትርድኢ እዩ። ብድሕሪዚ ድማ እንተ ማእመኣኪ ምስ በዓል ቤትኪ ትቐጽሊ፡ እንተዘይማእመኣኪ ድማ ዝደለኽዮ ስጉምቲ ክትወስዲ ትኽእሊ ማለት እዩ። ብወገነይ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ሓገዝቲ ሓሳባት ክመኽረኪ እደሊ፦

1. ንበዓል ቤትኪ ዘሕርቖ ዘሎ ምኽንያት ምልላይ። ንጸግምኪ ብግቡእ ክትርድእዮን ኣብ መዕለቢ ከተብጽሕዮን እንተደኣ ኴንኪ ቀዳሚ ኹሉ እንታይ ከይኑ'ዩ ዝሓርቕ ወይ ዝቖጥዕ ዘሎ ክትርድእዮ ኣለኪ። እዚ ብሓጺር ግዜ ዝበጽሕ ዘይኮኑ ግዜ ፈሊኺ ተጻሚዕኪ ምኽንያት መቑጥዒኡ ክተለልዪ ይግባእ። ብድሕሪዚ ንዕኡ ዘቖጥዮ ወይ ንሱ ዝጸልእ ነገራት ዳግም ካብ ምፍጻም ክትቀጥቢ ኣለኪ።

2. ርእሰኺ ኣይተተዓሻሽዊ። ብቤተሰብ ይኹን ብውልቂ መኸርኽዮ ዘይሰምዑ ዓሚጹክን ሃሪሙክን ድማ ዘይሰወጦ በዓል ቤት ግኑ ናይ ጥዕና ስለዘይኮነ የፍቅረኪ'ዩ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ምስ ከምዚ ባህሪ ዘለዎ ተኣሲርኪ ወይ ተማጒትኪ'ውን ኣይትወጽእዮን ኢኺ። ስለዚ፡ ፈለማ ሂወትኪን ሂወት ደቅኽን ከተድሕኒ ሓላፍነትኪ። ምዃኑ ኣይትዘንግዒ። ቀስ ብቐስ ዝኣረምን ካብ ትማሊ ሎሚ ዝሓየሸን እንተኾይኑ ግና ምጽማምኪ ኣብ ዓወት ከብጽሓኪ ይኽእል እዩ።

3. ክትጻወርዮ ትኽእሊ ዶብ ምንጻር። ተግባራት ዓመጽ ናይቲ ፈጻሚኡ ኣብ ልዕሊ በዓልቲ ቤቱ ዘለዎ እምነትን ጠመተን ዘጉልሕ እዩ። ስለዚ፡ ክሳብ ክንደይ ክትጻወርዮ ትኽእሊ፡ ዶብ ምንጻር ጸቡቕ እዩ። ንሱ'ውን ገደብ ተጻዋርነትኪ ክተፍልጥዮ ኣለኪ።

4. ገለ ግዜ ምምስሳል። ጥዑይ ዝምድና፡ ብናይ ክልቲኦም መጻምዲ ፍቕርን ሓልዮትን ምስ ዝበኣሱ ድማ በዲል ሓድሕዶም ይቕረን ሸለልን ብምብህሃል እዩ ዝምስረት። በዓል ቤት ከኣ ዋላ ዓመጸኛ ይኹን ገለ ግዜ ክትመሳሰልዮ (ሸለል ክትብልዮ) ጸቡቕ እዩ። እዚ ዋጋ ዘኽፍል'ኳ እንተኾነ ንስለ ደቅኺን ንዓኽን ክትብሊ ይቕረ ክትብልሉ ይምረጽ። እዚ ግን ኩሉ ግዜ ክኸውን ኣይግባእን፡ ምኽንያቱ መሊሱ ኣብ ልዕለኺ ከኾዕልልን ብትብዮት ዓመጸኛ ተግባራቱ ክቕጽሎን እዩ።

ንምጥቕላል፡ ኩሉ ግዜ ንመጻምድኺ ኣይትንቀፊ። ንኽዕምጸኪ ካብ ዝገብርዎ ዘለዉ ጠንቅታት ሓደ ንስኺ ክትከውኒ'ውን ትኽእሊ ኢኺ። ስለዚ፡ ዝድምናኹም ቀስ ብቐስ ክትፍውስዮ እንተደኣ ኴንኪ፡ ንብዕልኺ'ውን ድኽመታትካ ተቐበሊ። ከምኡ'ውን እቲ ቅድም እትህብዮ ዝበርኪ ዘቋርጽ ፍቕርን ሓልዮትን ሓገዝን ኣዘውትርዮ። ሓብርኩም ዘሕለፍኽምዎ መሳጢ ግዜ ኣዘክርዮ። ንርእሰኺ ከም ዝወጻ ዘይብላ በዓልቲ ቤት ገይርኪ ኣይትቕረብዮ። መለስኪ ደኣ ትሕተ ኢልኪ ቅረብዮ። በዚ ዝበልኩኺ ምኽሪ ጻዕርታትኪ ናይ ተሰፋ ጩራ ዋላ እንተሰኣኻኸሉ፡ ሕጂ'ውን ናብ ፍትሕ ከይተሃወኽኪ፡ ካልእ ኣማራጺታት ከምዝሎ ኣሚንኪ መፍትሒ ሃሰው ምባል ኣይትሕመቒ ክብል ምኽሩ ለጊሱላ።



# ሸባብ

ሃማመተኤ

ምስትምቓር መጽሓፍ

## ንዘልኣለም ዝብከየሉ

### መጽሓፍ፡ “The Idiot” ብፍዮዶር ዶስቶየቭስኪ

ኣሮን ተስፋኣለም


“እቲ ሩስያዊ ሊበራል ኢይሩስያዊ እዩ። ብመሰረቱ እቲ ናይ ሕጂ ሊበራል ኵይኑ ሩስያዊ እየ ዝብል፡ ኣመጻጽእኡ ካብቶም ካብ ጒዳያት ናይዛ ሃገር ዝረሓቑ ደርብታት ናይ ሕብረተሰብና ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ዝኾነ ሩስያዊ ቋንቋ ሩስያ ይምለኽ ኣይምለኽ ብዘየገድስ፡ ንሱ ዝዛረቦ፡ ዝጽሕፎ፡ ዝሰርሖ ዘበኡ ብናቱ ተበግሶ፡ ካብ ናይ ካልእ ከይተለቀሐ፡ ንሩስያ ዘንጸባርቕ እንተ ኾይኑ ሩስያዊ የብሎ። ሕጂ ግን ወላ እቲ ናትና ሩስያዊ ስነ-ጽሑፍ ንብሎ ዘይሩስያዊ ኲይኑ ይጸንሓና ኣሎ - ንናይ ፑሽኪን፡ ሎሞኖሶቭን ጎጎልን ስራሓት ገዲፍካ፡” እዚ ካብ ገጽ 310 ናይ “ዘ ኢድየት” (እቲ በሃም) ዝጠቐስኩዎ እዩ።

ብኽመይ ከወግዶ ምኳነይ እፈልጥ እኳ እንተ ኾንኩ፡ ይቕረታ ግበሩለይ፡ ናይ ካልእ ስነ-ጽሑፍ ናይ ምድናቕን ኣመል ኣጥርየ ኣለኹ። ኣነ ግን ዝጥርጥር (ክጥርጥር ጥራይ እየ ዝኽእል፡ ክኢላ ናይቲ ዓውዲ ስለ ዘይኮንኩ)፡ ስነ-ጽሑፍ ናትናን ናቶምን ዘይበሃለሉ ዓውዲ ከይከውን። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ካልእ ጫፍ ናይ ዓለም ዘሎ ሰብ ከማኻ ይበኪ ይሓዝን፡ ከማኻ ይስሕቕ ይሕጕስ፡ ከማኻ ይሓሚ ይሕሙ፡ ከማኻ ሰላም፡ ከማኻ ሓልዮት፡ ከማኻ ልቦናን ለውሃትን ዘንጸባርቕ ምዃኑ ዝነግረካ ብዘይካ ስነ-ጽሑፍ ካልእ እንታይ ምመጽአ? ንስኻ ካብ ካልእ ዝበለጽካ ወይ ብኣንጻሩ ድኻማት ከም ዘለዉኻ፡ ብሓፈሻ ብመንጽር እቲ ረቂቕ ዘይጭበጥ መንነት፡ ተመሳሳልነትካን ፍልልያትካን ምስ ኣብ ነፍስወከፍ ኵርናዕ ናይ ዓለም ዘሎ ፍጡር ብዘይካ ብስነ-ጽሑፍ ብኻልእ መገዲ ብምንታይ ምተፋለጥካ? ጽሑፍ ኣሸንኳይ ዶ ምስ ከማኻ ሰባት ምስቲ ልዕሊ ፍጥረትን ፍጡራትን ዝረአ መንፈሳዊ ሓይሊ ከይተረፈ እዩ ዘራኽበካ። ዋና ነገሩ፡ ሰብ-ሰብ ዝጨኑ ዓይነታዊ ስነ-ጽሑፋዊ ፍርያት ካብ ክፈላልየካ ክሓዋውሰካ ይቐሎ። ስለዚ፡ ድሮ’ኳ ገለ ካብኣ ጠቒሰ ከም መእተዊ ተጠቒመሉ ኣለኹ፡ “ዘ ኢድየት” (እቲ በሃም) ዘርእስታ ንኽውድኣ ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዝወሰደትለይ መጽሓፍ ኣላ፣ ተሃነይ ከውጽኣላ ፍቐዱለይ።

ቀንዲ ገጸ-ባህሪ ናይዛ መጽሓፍ ማየሽኪን ይበሃል። ማየሽኪን ካብቲ ስሙ ጥራይ ተበጊስካ መስኪን ይመስል። ኣብ ሓቂ መጺእና’ውን 26-7 ዝዕድመኡ መስኪን መንእሰይ እዩ። መስኪን ኣብ ቋንቋ ትግረ ንስንክልና ናይ ኣካል ዝውክል ቃል እዩ። መስኪን ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኸኣ ወላ ሓንቲ ክትገብር ምስ ዘይትኽእል ትወሃበካ። ግርህ ኢሉ ንዝሰምዕ እወታዊ መልእኽቲ ትሓዝል ክትከውን ትኽእል፡ ንዝሓስብ ሰብ ግን ዓባይ ጸርፊ እያ። ከምቲ ልዒለ ዝኣመትኩዎ፡ ሕጂ ልክዕ ንምኳን፡ ዶስቶየቭስኪ ዝፈጠሮ ማየሽኪን ወላ ሓንቲ ክገብር ዘይክእል ኣዝዩ መስኪን ገጸ-ባህሪ ኲይኑ ንረኽቦ። “ፍዮዶር ዶስቶየቭስኪ ስለምንታይ ከምኡ ዓይነት ገጸ-ባህሪ ክፈጥረልና ደልዩ?” ኢልካ እንተ ሓቲትካ፤ ሓደ፡ ናቱ ናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባታትን ግብርን ብመገዲ እዚ መስኪን መንእሰይ ከተንፍሰልና ስለ ዝደለየ፣ ካልኣይ ነታ ናይ ሽዑ ሩስያ ክነቅፍ፣ ሳልሳይ፡ ከኣ እቲ ንሱ፡ ዶስቶየቪስኪ ባዕሉ፡ ዝተመራመረሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ርኽበት ካብቲ እዛ መጽሓፍ ዝተጻሕፈትሉ እዋን (1869) ጀሚርካ ዝሰዓብና ወለዶታት ኣንበብቲ ክንቋደሶ እዩ።

ኣብ ዘየንብብ ሕብረተሰብ ኣንባቢ ምዃን ጽላለ እዩ፣ ንብሎ። ኣብ ዘየንብብ ሕብረተሰብ ጸሓፋይ ክትከውን ከኣ’ሞ ካብኡ ዝገድድ ጽላለ፣ ንብሎ። ሓላል ጽላለ ዝበሃል ከም ዘሎ እንተ ተገንዚብና ኣብ ዘየንብብ ሕብረተሰብ ኣንባቢ ምዃን፡ ኣብ ዘየንብብ ሕብረተሰብ ጸሓፋይ ምዃን “ሓላል” ተባሂሉ ክሕለፍ ኣየጸግምን። ማየሽኪን ኣብ ብሃልሃልታ ጥሙሓት፡ ሕልምታትን ትጽቢታትን ዝልብለብ ሕብረተሰብ ተረኺቡ ንዕኡ ዘቃጽሎ ስምዒታት ብዘይካ ፍቕሪ ሰብን ፍቕሪ ሩስያን ካልእ ብዘይ ምህላዉ ከም በሃም ተቘጺሩ።

ነዛ ናይ 578 ገጻት ልቢ-ወለድ መጽሓፍ ጀሚረ ንኽውድእ ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ወሲዱለይ ክብል ከለኹ ብዛዕባኣ ክጽሕፍ ምኳነይ እናፈለጥኩ ከንብባ ስለ ዝጀመርኩ እዩ፣ ‘እንተ ዘይተጋግየ። ደሓር ብኣብ ዓለም ብዙሕ ዝተባህለሎም መጽሓፍቲ ምባል ጀሚርካ ናብቲ ናይ ቀረባኻ ጽሑፋት ክትከይድ፡ ምእንቲ ነገራት ከይተበላሸ፡ ዓቢ ሓገዝ ኣለዎ። ኣብ ጉዕዞ ንባብ “ዘ ኢድየት” (እቲ በሃም)፡ ኣብ ገለ ክፋለይ ‘ምርጫ ዘየጸበቐኩ ደኣ ከይከውን፡’ ‘ጌጋ መጽሓፍ ግዲ እየ ዘንብብ ዘለኹ፡’ ዝብል ስክፍታታት ይሓቕየኒ ነይሩ። ምስ ወዳእኩዋ ግን ጽብቕቲ መጽሓፍ ምኳና ኣረጋጊጸ፣ ኣድኒቐያ’ውን። ከምዚ ክብል ከለኹ ግን ኣወዳድኣኣ ጽቡቕ ነይሩ ማለተይ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ’ኳ ደኣ ኣወዳድኣኣ ትራጀዲያዊ ብምኳኑ ኣይተሐጐስን። ትራጀዲ ንናይ ኦደን ዝስሙ ገጣሚ ብዝመስል ኣረኣእያ፡ “ገጸ-ባህሪ ስለ ዝቐተልካ ዘይኮነ




ገጸ-ባህሪ ዘይውዳእ ሞት ክትህቦ ብምኽኣልካ እዩ ዝልካዕ።”

‘ናይ መን መጽሓፍቲ ተድንቕ፡’ ‘ኣየኖት ደረስቲ ይምስጡኻ፡’ ወዘተ ብዛዕባኻ፡ ብዛዕባ’ቲ ኣንባቢ፡ ገለ ይብል ይኸውን። ብዓል ደስቶየቭስኪ ግን ናይ ሰብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ዘገድሶም ኣድማሳውያን ጸሓፍቲ እዮም። ገለ ሃየስቲ፡ “ናይ ሩስያ ክላሲካውያን ጸሓፍቲ ንድኻም ዝሰብኩ፡ ንሩስያ ዘይውክሉ፡” ብምባል ይነቕፍዎም። እቲ ዘገድስ ግን ብዓል ዶስቶየቭስኪን ንዕኡ ዝመስሉ ካልኦት ደረስትን በቶም ንሶም ዝፈጥሩዎም ገጸ-ባህርያት ጌሮም፡ ንኣንበብቲ፡ ኪንዮ ስጋ ናብቲ ዘይረኣ ረቂቕ ነፍሲ (መንፈስ) ወድ-ሰብ ኣሕሊፎም ከርእይዎም ስለ ዝኽእሉ ጥራይ ክድነቑ ይግበእ።

ማየሽኪን ሰይቲ ጀነራል ናይ ርሑቕ ቤተ-ሰቡ ስለ ዝኾነት፡ ክሪኣን ካልእ ምስ ውርሻ ዝተኣሳሰር ጒዳያት ስለ ዘነበሩዎን እዩ ናብ ራሻ (ሰይንት ፒተርስበርግ፡ ፓቭሎቭስክ) ብባቡር ዝኣቱ። እትው ምስ በለ ኣብ እንዳ ጀነራል ኢፓንቺን ንፈለማ ተምሳጥ የሕድር። ኣብ ስዊዘርላድ ምስ ተሰደ ዝጋጠሞ ህይወት፡ ኣብ ሞትን ኣብ ናይ ሞት መቕጻዕትን ዘለዎ ኣረኣእያ፡ ኣብ ፍቕሪ ዘለዎ ተመኵሮን ብዛዕባ እታ ማሪ ትበሃል መስኪን ጓል 20 ዓመት ጕርዞን ገለ ካብቶም ዕምቈት ናይ ኣተሓሳስባኡ፡ ሓልዮቱ፡ ርጥበት ኣዘራርባኡ ዘመስከረሎም ቀዳሞት ዕላላት እዮም። ማየሽኪን ካብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ናብ ዓዱ ሩስያ ዝምለስ ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ጸንሖቱ እዩ። ዘውድቕ ሕማም ነይሩዎ፡ ብናይ ጥዕና ጸገም ዝሳቐ እኳ እንተ ነበረ፡ ናብ ዓዱ ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን ግን ኣብ ዝሓሸ ኵነታት ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ካብ ስዊዘርላንድ ናብ ሩስያ ምስ ኣተወ እቶም ፈለማ ዝረኽቦም ሰለስተ ኣዋልድ ደቂ ዝነበሮኦም እንዳ ጀነራል ኢፓንቺን ምዃኖም ድሮ ፈሊጥና ኣለና። እቲ ዝበዝሐ ዛንታ ማየሽኪን ምስ’ዞም ስድራ ዘሕለፎ ህይወት እዩ ዝትርኽ። ካልኦት ስድራቤታት’ውን ኣለዉ። ከም’ኒ እንዳ ለብደየቭ፡ ፕቲትሲንን ዳርያ ኣለክስየቭናን። እቲ ኣስማት እኳ ሓቂ ዘረባ ገለ ካብቲ ነቲ ዛንታ ክትርዳእ ጸገም ዝፈጥረልካ እዩ። ብፍላይ ናይ ገሊኣቶም ኣስማት ኣብ መንጎ ተቐይሩ ይመጽኣካ። ምስቲ ምድግጋሙን ዋሕዚ ናይቲ ዛንታን ግን ክትርደኦ ትኽእል። ኣብ ካልእ ፍሉይ እዋናት፡ እቲ ኣዘንታዊ ንማየሽኪን፡ “እቲ ጅግናና” እናበለ ክጠቕሶ ከጋጥመካ ከሎ ጋን ይኾነካ። ምኽንያቱ ንሓደ ገጸ-ባህሪ “በሃም”ን “ጅግና”ን ኢልካ ክትሰይሞ ኣዝዩ ተቓራኒ ኣበሃህላ ብምዃኑን ስግንጢርነት ስለ ዘንጸባርቕን።

ኣግላያ፡ ሓንቲ ካብተን ሰለስተ ደቂ ጀነራል ኢፓንቺን፡ ምስ ማየሽኪን ብዙሕ ሕልኽላኽ ዘለዎ ናይ ምድልላይ ህይወት ኣሕሊፉ። ባህግታት ናይ ኣግላያ ኣይውድኡን እዮም። ገለ ካብቶም ዘውክኣቶም ቀንዲ ምስ ማየሽኪን ክትምርዖ ዘድለያ ምኽንያት፡ ካብ ናይ ስድራኣ ህይወት ንኽትሃድም ክሕግዛ ምእንቲ እዩ። ናይ ሓቂ ድያ ተፍቅሮ ነይራ ወላ ቀልዲ እዩ ነይሩ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ መብዛሕትኦን እተን ኣብዚ መጽሓፍ ዘለዋ ገጸ-ባህርያት፡ ኣግላያ ዝመራሒተን፡ ብዙሕ ናይ ጊንጥነት (eccentricity) ዝመስል ኣካይዳ ስለ ዘንጸባርቓ። ንሱ እቲ “ናትና ጅግና” እውን ዘይንዓቕ ጊንጥነት ከም ዝነበሮ ኣጸቢቑ ዝተጋህደ ምስ ኣግላያ ንኽምርያ እናተሓሰበ ምስ ናታስያ ዝብልዋ መቀናቕንቲ ኣግላያ ምስ ተመርዓወ እዩ። ብፍቕሪ ናታስያ ዝዓበደ ሮጎዚን ዝመጸውዒኡ ካልእ ገጸ-ባህሪ ድማ፡ ድሕሪ እዚ መርዓ፡ ነዛ መርዓት ብኻራ ጌሩ ህይወታ ኣሕልፉ።

ብውሽጢ ልብኹም፡ ‘ካልእ ዝንበብ ስኢንካ ዲኻ ከምዚ ዓይነት ኣስካሕካሒ ምቅትታል፡ ጊንጥነትን ሓንጀ-መንጀን ዝሓዘለ መጽሓፍ ተንብብ?’ ክትብሉኒ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ምክትታል ናይ ዝኾነ መጽሓፍ ጠቀስ ዛንታታት ክልተ ዓይነት ሰባት ኣለዉ፤ እቶም ሓደ ኣወዳድኣ ናይቲ ዛንታ ክትነግሮም ዘይደልዩ፣ እቶም ካልኣይ ከኣ በቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ዛንታ ክትጅምረሎም ዘደፋፍኡኻ። ስለዚ ዓው-ዓው ከይበልኩ ብውሽጢ ልበይ ክምልሰልኩም ዝደልዮ እንተ’ልዩ፡ እዞም ክልተ ዓይነት ድሌታት ከም ዘለዉ ምፍላጥ ጥራይ ንገዛእ-ርእሱ ጾር እዩ፣ ነየናይ ክፋል ናይቲ ዛንታ መሪጽካ ከተዕልለሉ ከም ዘለካ ስለ ዘይትፈልጥ ብዙሕ ትጋደል። እምበር ኣብዚ መጽሓፍ ካብ ስግንጢርነትን ምቅትታልን ወጻኢ ካልኦት ኣገደስቲ ክፋልት ስለ ዝተሳእኑ ኣይኮነን። ንሓይሊ ግዜን ንእስነትን ከርኢ፡ “ሱሳ ዓመታት ኣብ ቅድሚኡ እናተጸበዮ ንምንታይ ሓደ ሰብ (መንእሰይ) ብጥምየት ይመውት?” ዝብል ሕቶ የልዕል። ብተወሳኺ “ኮሎምቦስ ንኣመሪካ ምስ ዳህሰሳ ዘይኮነ ንኽረኽባ ኣብ ጉዕዞ ከሎ እዩ ናይ ሓቂ ሓጐስ ከስተማቕር ዝኸኣለ፡” ዝብል ክፋል፡ ህይወት መወዳእታኣ ዘይኮነ ብህይወት ንኽትነብር ትገብሮ ጉዕዞ ዘለዎ መቓረት ክነግር ስለ ዝደለየ እዩ ንኮሎምቦስ ከይተረፈ ዝተገደሰሉ። ካልእ ብዛዕባ ሃይማኖት ብፍላይ ድማ ክርስትና ኣልዒሉ ክዛረብ ከሎ፡ “ቀባእቲ ንስቓይ ክርስቶስ ኣብ ስእልታቶም ከምቲ ዝግባእ ኣየምጽእዎን። ምኽንያቱ ክንዲ’ቲ ንፈልጦ ዝተሳቐየ ክርስቶስ ነቲ መበቈላዊ መልክዑ ከይድምሰስ ስለ ዝፈርሁ ከጸባብቕዎ ይረኣዩ። ብሰንኪ’ዚ ብዙሕ ካብቲ ስቓዩ ተነክዩ ኣብ ስእሊ ይቐርብ። ብልክዕ ግን ክርስቶስ ዝተሳቐየ ምስሉ ብቐባእቲ ንኽጸባበቕ ዘይኮነ ናይ ሓቂ ክውንነት እዩ ነይሩ።”

“ኣብ ጃፓን ሓደ ዝተበደለ ሰብ ናብቲ ዝበደሎ ቀሪቡ ካራ ኣብ ከብዱ ብምሽካል (ነብሰ-ቕትለት ብምፍጻም) እዩ ሕነኡ ዝፈዲ። ናይ ማየሽኪን ከኣ ከምኡ ዓይነት እዩ፡” ብምባል እቶም ዝንዕቅዎ ግን ከኣ ዝድነቑሉ ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ገጸ-ባህርያት ይዛረቡ። ማየሽኪን ካብቲ ዝወረሶ ውርሻ ይግበኣና እዩ ኢሎም ኣብ መጋባእያታት ዝማጕቱዎ ሰባት ወላ እንተ ረትዖም፡ መምለስ እግሪ ሂቡ ዘፋኑ ሰብ እዩ። ሰባት ተኣኪቦም እንተ’ባጨውሉ በቲ ትሕትናኡ ምስ ተረትዑ፡ ነንበይኖም መጺኦም፡ እናነብዑ ይቕረታ ይሓቱዎ። ኣብ ጋዜጣ ንዕኡ ዘኽፍእ ጽሑፋት የውጽኡ። እቶም ጸሓፍቲ ግን ድሒሮም ብቐረባ ምስ ፈለጥዎ ብግብሮም ይጠዓሱን ነብሶም ይጸልኡን። ንሱ በቲ ኣዝዩ ትሑት ባህሩን እቲ “ክርስቶሳዊ መሰል” ኣቀራርባኡን የደንቖም። ኮታ ይሰልቦም።

ድሕር’ዚ ኵሉ፡ ማየሽኪን ናብታ ናይ ስደት ዑቕባ ዝሃበቶ ስዊዘርላንድ ይምለስ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ኣብ መወዳእታ ሕማሙ ብኢሱ፡ ኣቐዲሙ ዝተፋለጦም ሰባት ኣብ ከለልየሉ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ። ሰይቲ ጀነራል ኢፓንቺን እናበኸየትሉ ድማ’ዩ እቲ ዛንታ ዝዛዘም።

እዚ ዛንታ ትራጀድያዊ ምዃኑ ከይተርፍ፡ ማየሽኪን ኣይሞተን ንዘልኣለም እናተበኸየሉ ክነብር ጥራይ’ዩ ዝተፈርደ።

# ጸብጻብ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ስካንዲናቪያ



እቲ ንዓመት መመላእታ ዓቢ ምድላዋት ዝተገበረሉን ብሓሙስ 03 ነሓሰ ዝተኸፍተን ብስም "ፈስቲቫል ደቂ ሓደ ልቢ" ዝፍለጥ፡ መበል 25 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ "ቅያ ስጡም ማዕርዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ ቅኒት ክቶየድ ድሕሪ ምቕናይ - ብሓያል ዝናብ ተዓጂቡ ሰንበት 06 ነሓሰ ብድሙቕ ሃገራዊ ወኒን ኤርትራዊ መንነት ብዘደርዐ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ዓብደላ ማንታይ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ሃብተፋጽዮን፡ ኣቶ ኣሕመድ ኢማም ኣወሃሃዲ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካብ መላእ ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራትን ዝመጽኡ ህዝብን ዕድመ ዝተገበረሎም ዲፕሎማሲያውያን ኣብ እተረኽቡሉ ስነስርዓት መዝጊ፡ ጸሓፊት ኣወሃሃዲ ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣብ ስካንዲናቪያ ወ/ሮ ጽጌረዳ በርሀ ቃል ኣሰሚዓ።

ወ/ሮ ጽጌረዳ፡ ፈስቲቫል ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣብ 1998 ሃገር ጸንኩር ኩነታት ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ከም ዝጀመረ ብምጥቃስ፡ ምስ ዝነበረ ስሚዒታት፡ ህዝቢ ሓድነቱ ንኽሕይልን ንመኸት ድልውነቱ ዘረጋግጸሉን ኣጋጣሚ ብምንባሩ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ፈስቲቫል ኣብ ምኹላዕ ሃገራውነትን ኣብ ምንጋስ ሃገራዊ ባህልን ዓቢ ግደ ከም እተጻወተ ኣረዲኣ።

"እቶም መልክዖም እናቐያየሩ ሰናይ ድሌት ኤርትራን ህዝባን ክሃንቅጹ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ተጻባእትና፡ ንኹሉ ውጥናቶምን ፈተነታቶምን መኪትናን ሰዒርናን፡ ናብ ጽምብል ኢዮብልዩ ፈስቲቫል ስካንዲናቭያ ምብጻሓና ሓበን እዩ!" ክትብል ኣገዚባ፡ ፈስቲቫል ሃገራት ስካንዲናቭያ ዕውት ጉዕዞ 25 ዓመታት - መርኢያ ህዝቢ ዝሃቦ ድልዱል ሰረተ ሃገራዊ ሓድነትን ጽንዓትን፡ ሓያልን ስጡምን ውዳቤን ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ጉዕዞ እዚ ካብ ወለዶ ንወለዶ እናተሰጋገረ ትራይ ዘይከኑ መመሊሱ እናደመቐ እውን ከምዝመጽእ ገሊጻ።

ናይ ለሚ ፈስቲቫል፡ ህዝቢ ንደቁ ባህላዊ ኣልባሳት ብምልባስ ብባንዴራ ኤርትራ ኣማዕሪጉ፡ ኣብ ፈስቲቫል ደቂ ሓደ ልቢ ምስታፉ፡ ንደምቀት እቲ ፈስቲቫል ዚያዳ ማዕርግን ክብረትን ከም ዝወሰኸሉ ሓቢራ።

ወ/ሮ ጽጌረዳ ምስ'ዚ ኣተኣሳሲራ፡ ሕመረት ዓወት መበል 25 ፈስቲቫል ስካንዲናቪያ ብኣውራን ከም ዋናን ትእምርትን ኢላ ዝጠቐሰቶ፡ እተን ህዝበን ብምጥርናፍ - ኣብ ሓዲድ ሓድነት ዝጕዓዛ ኤርትራውያን ውዳቤታት ሃገራት ስካንዲናቪያ ምዃነን ብምጥቃስ፡ ውዳቤ ካብ ዘለዎ ክዩብን ክሰፍሕን ኣዘኻኺራ፡ ነተን ካብ 03 ክሳብ 06 ነሓሰ ን24 ሰዓታት ብዘይ ዕረፍትን ብዘይ ዝጸንሓ ውዳቤታት፡ ኮሚቴታትን ማሕበራትን ንህዝቢ ኤርትራዊ ባህልን መንነትን ዘንጸባርቑ ናውቲ ብምቕራብ ዘኣንገዳ ኤርትራውያን ብሕታውያን ትካላትን ንኹሎም ኣባላት ሓይሊ ዕማማትን ብስም ሽማግለ ምስጋናኣ ኣመሓላሊፋ።

ንፈስቲቫል ሃገራት ስካንዲናቪያ መኣዲ ፍልጠት ዝኾነን ደምቀት ዝሃቦን ሰሚናርን ኣስተምህሮን ዘተን ዝጠቐሰት ወ/ሮ ጽጌረዳ ንኹሎም'ቶም ዝቐረቡ መድረኻት ዘርዚራ፡ ብመሰረት ሓበሬታኣ ከኣ፡ ብኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ስዒድ ማንታይ ዝተዋህበ መንግስታዊ መግለጺን መብርሂ ንሕቶታት ህዝብን፡ ብኣቶ ኣሕመድ ኢማም ኣወሃሃዲ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ተሳትፎ ኤርትራውያን ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ንምዕዛዝ ዝትሕዝቶኡ መብርሂ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ ዝብል ታሪኽ ሓዚል ኣስተምህሮ፡ ኣብ መንእሰያት ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ንዘጋጥም ዘሎ ጸገማትን መፍትሕኡን ዝምልከት ኣስተምህሮ ብወ/ሮ ሳብ ንብረዝጊ፡ ኣውራ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ሰራክ ባህልቢ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ቆንስላዊ ጉዳያትን ኣቶ ኢሳይያስ ንብራይን - ዋንኛን ናይ ተሳትፎ ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎም።

ኣብ'ዚ ዕውትን ኤርትራውነት ብልክዕ ዝኾልዐን ፈስቲቫል ደቂ ሓደ ልቢ፡ ፈስቲቫል በዓላትን ምስ ሽማግለ ክተሓባበሩ ዝጸውዐ ምዕሩግ ፈስቲቫል ነይሩ።

ካብ ጀርመን ዝመጽኡ ህቡባት ኤርትራውያን ስነጥበበኛታት ዝተሳተፍዋ፡ ብኣገዳሲ ኢሳቅ ዝተደርሰት "መፍትሕ ልቢ" ዘርእስታ፡ ንጸገማትን ከይዲ ፈስቲቫልን እትገልጽ ድራማ ብተደጋጋሚ ንህዝቢ ቀሪባ፡ ህጻናት ዓመታዊ ዝጸበይዎን ዓሚል ፈስቲቫል ስካንዲናቪያን ዝኾነ ስነጥበባዊ ተኽለ ክላውን እውን ከም ወትሩ ንህጻናት ዘዘናግዑን ዘምህሩን ዝተፈላለዩ መደባት ኣቕሪቡ።

ኣብ ኣርባዕቲኦን መዓልታት ፈስቲቫል ዝተሳተፉ ኤርትራውያን ርእይቶኦም ከቶፍሉና ካብ ዝሓተትናዮም ተሳተፍቲ፡ ካብ ኖርወይ ዝመጽአ ኣቶ በርሀ በላይ፡ ኣብ ቅንያት ፈስቲቫል ንስለ መገሻ ኢሉ ከም ዘይመጽአ ብምሕባር፡ ዛዕባ መንግስትን ህዝብን፡ ንጥፈታት ውዳቤታትን ሓድነትን ተዓዚቡ ተቛዳሲ ሓድነት ህዝቡ ንምዃንን ኣብ ኩሉ ስርሓት ውዳቤታት ንምስታፍን ዓሊሙ ከም ዝመጽአ ደጠቂሱ።

ካብ ዴንማርክ ዝመጽአ ኣቶ ሃብቶም በየነ እውን፡ ፈስቲቫል መንገድን መዘውብ ወለዶን ምዃኑ ከም ዝኣምን ብምጥቃስ፡



ደማ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ባዕሎም ዝውንንዎ ንምቛም ቤተ-ኤርትራ ዝደህስስ ሓበሬታ ብዘበጻይ ምናሴ የሴፍ፣ ንሕማም ሽኮርያን ምልክታቱን ምክልኻሉን ኣፈዋውሳኡን ዝምልከት ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ብዝርስ ብእምነት ኪዳኑ፡ ኣፍሪቃዊ-ለኸ ፍልስፍናን ኣበርክቱን ተራ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ብስነ-ጥበባዊ ኣፍሪቃ፡ ከምኡ እውን ንማሕበር ጽሙማን ኤርትራን ጠለባቶምን ዝደህስስ ዛዕባ ብኣቦ-መንበር ማሕበር ጽሙማን ኣቶ ዑቕባይን ዝተፈላለየ ኣስተምሮን ሰፊሕ ዘተን ክትዕን ዝሓዘ ዛዕባታት ቀሪቦምን፡ ህዝቢ ብዙሕ ፍልጠት ቀሲሙሎምን።

ወ/ሮ ጽጌረዳ በርሀ ኣብ መወዳእታ፡ ፈስቲቫል ስካንዲናቪያ ከም'ቲ ኣብ ባይታ ዝተራእየ፡ ህዝቢ ባህሉን መንነቱን ብምንጽብራቕ ብሓድነት ዝሳተፎን ዘገልግሎን ምዃኑ ብምሕባር፡ ማስርሑን መንገዱን ክዩብን ቀጻልነቱ ከውሕስን ህዝቢ ብሓፈሻ - መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ተሳታፍነቶም ከዕዝዙ፡ ዋርሳኦም ክቕበሉን መዘኻኸሪ ኣቕሪባ።

ኣብቲ ድሙቕ ናይ መዛዘሚ ምሸት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ኩለን ተሳተፍቲ ውዳቤታትን ማሕበራትን ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣሰርን ኣለናልክን፡ ስነጥበበኛታት፡ ሓላይምን ኩለን ሓይሊ ዕማማትን፡ ካብ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስካንዲናቪያ ኣቶ የናስ ማና፡ ሓላፊ ጉጅለ ባህሊ ኣሰርን ካብ ኤውሮጳ ዝቖመት ጉጅለ ባህሊ ኣለናልክን ሞራል፡ ሓድነትን ጅግንነትን ዓወትን ኣብ መኸት ንተጻብኦታት ዘንጸባርቑ ዝተፈላለዩ ዜማታት ብምቕራብ፡ ሃገራዊ ሓድነትን ክብሪ ባንዴራን ኣብ ሓደ ልቢ ከም ዝዓሰልን ሃገራውነት ዚያዳ ከም ዝበርኽን ዝድርኽ ምርኢት ብምቕራብ ህዝበን ኣዘናጊዖን።

እዚ ብ"ፈስቲቫል ደቂ ሓደ ልቢ" ዝፍለጥ ሕላገት ሓድነት ዝኾነ ን25 ዓመታት ዝቐጸለን፡ ብኣላ ተሳትፎ ህዝብን ልዑል ወህደት ሽማግለን፡ ንፈተነታት ብጠዘመጽእዎ እናመከተን እናሰዓረን፡ ብዘደመቐን ሓያል ሓድነት ብዘሰረጸን መንፈስ ብዓወት ምዝዛሙ፡ ንኤርትራዊ ዝፈታተን፡ ዘማብርክኽ፡ ዝሰዐር - ሓይሊ ኩቶ ከም ዘየለ፣ እንተመጽአ ድማ ካብ ሕፍረት ተጎልቢቡ ከም ዝምለስ ብግልጺ ዘጸረ፡ ናዕታኡ ብልክዕ ዝዛረመ "ፈስቲቫል ሓድነት" ምንባሩ፡ ሰንበት 06 ነሓሰ ዝነበረ ሰላም ዝዓሰሎ ምሸትን ጸዕቂ ህዝብን ርኡይ ምስክር ነይሩ።

ሕሉፍ ስርሓት ፈስቲቫል ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ ብወርቃውያን ቃላት ኣብ እምኒ ዓረ ክውቀርን ንዘለኣለም ንኽዝከርን ከም ትእምርቲ ክጥቀስ ዝበኣልን፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዝካየዱ ኤርትራውያን ውራያት እውን፡ ብናይ ኩሉ ተሳትፎ፡ ዕውት ንምግባሩ - ብሓፈሻ ንህዝቢ፡ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት፡ ኣብ ስራሓት ህዝቢ ብዘይ ኣፈላላይ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ተኣኪቡ፡ ሰላሙ ብምንጋስ ፈስቲቫል ዞኒይድ ህዝቢ ክህሉ ከም ዘይክእል፡ ኤርትራዊ ስነ-ምግባር ግና - ከም ዘተግበሮን ከም ኣቡኡ ከም ዝጥቀሰን ይሕብር።

"ፈስቲቫል ክብሪ እዩ፣ ፈስቲቫል ሃገር'ዩ፣ ዛዕባን ትግባረን ሓድነት ኣብ ፈስቲቫል ኣሎ" ብምባል ቃላ ዝፈለመት ነባሪት ከተማ ስቶክሆልም ወ/ሮ ኀቱት የውሃንስ ብወገና፡ ብኣላ ፈስቲቫል ኩሉ'ቲ ሓደ ኤርትራዊ ክውንኖ እትጸበዮ ኒሕ ኣብ ፈስቲቫል ከም እተዓዘበት ብምግላጽ፡ እተን ብሃገር ዝምስላ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ተሰሪዐን ብዘተወፋይነት ክሰርሓ ምርኣየን፡ ምስኣን ተጸንብራ ክትሰርሕ ምብቅዓን - ኤርትራዊ ዕጋበት ከም ዝሓደራ ኣረዲኣ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ኣሓታን ደቃን ከም እትምጉስ ድማ ገሊጻ።

እቲ ካብ 03 ክሳብ 06 ነሓሰ 2023 ብምውህሃድ ሽማግለ በዓላትን ህዝብን ብውዕውዕ መንፈስ ክቶየድ ዝቐጸለ መበል 25 ኢዮብልዩ ፈስቲቫል ሃገራት ስካንዲናቪያ - ፈስቲቫል ደቂ ሓደ ልቢ፣ ብኣላ ወህደት ወፋያት ኣባላትን ግብራዊ ንጥፈታትን፡ ብኣውራኡ ከኣ - ሓድነት ህዝቢ፡ ብዓወት ጀሚሩ ከም'ቲ ዝወጽኣሉ መደብ ብዓወት ተዛዚሙ።

**ሚድያ ፈስቲቫል ስካንዲናቪያ**






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ


Zara Mining Share Company

## VACANCY ANNOUNCEMENT

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Man-Truck operator** |
| **No required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Department** | Mining |
| **Reporting to:** | Mine Maintenance Supervisor |
| **Job purpose** | - To drive Man. Trucks & operates truck-mounted cranes in a timely & cost-effective manner |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | - Comply with all ZMSC Occupational Health & Safety requirements.<br>- Operates Man. trucks as company licensed operator.<br>- Drive from the mine site to Asmara.<br>- Operates crane must identify weights & rig items to lift in a safe manner |
| **Knowledge & Skills Required:**<br>**Work Experience** | - Above 8th Grade.<br>- Updated 4th & above driving Eritrean license<br>- Minimum 2 years of experience in operating trucks in mining, construction, or related |
| **Other skills & abilities** | - Elementary spoken & written English language skills. |
| **Unique requirements** | - To be able to pass a full Doctor's physical examination.<br>- To be able to work with Z MSC's roster. |

Salary: -………………………………… According to Company's salary scale.
Place of work: - …..Zara Mining Share Company Koka Gold Mine, Zoba - Gash Braka; Sub - Zoba Salea

Requirement for nationals: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to applicants.
Address: Please mail your applications to ……………………………………………**Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.**
Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to ..**Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**
Deadline for application: ……………………………………………**7 days from the day announced in the Newspaper**.


### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰድ ዓብዱ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ሰድ መሪጸ ሓሰስ ተባሂሉ ይተኣረመኣይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድ ማሕሙድ ዐሰማን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ መሓመድ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ መሓመድ ማሕሙድ ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከረን 03

ኢያሱ ክፍላይ ገብረማርያም፡ ኣደይ ትርሓስ የዕበዮ ወልደገብርኤል ስለዝሞረፈት ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሜሪ ተኸሉ ተምነዎ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ከሱተ ምሳዮፍ ሓድጉ፡ ናይ ሓዳር ክስ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ

"ለስ ምክፍፋል ጋዝ" ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ማሕበር፡ ብዞዕባ ህልው ኩነታት ማሕበር፡ ኣኼባ ሰብ ብርኪ ንምክያድ ንዕለት 05/08/23 ኩሎኹም ወነንቲ ብርኪ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ተወከልቲ ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት ንኽትርከቡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብዕለት 20/7/23 ኣቃሊሑ ከምዝነበረ ይዝከር። እንተኾነ፡ ኣብዚ ኣኼባ ኣባላት ወነንቲ ብርኪ ስለዘይተረኸቡ፡ ንኻልኣይ ግዜ ን20/8/23 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት ብኣካል ወይ ብመንገዲ ወኪልኩም ክትቀርቡ ነተሓሳስብ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዓልትን ሰዓትን ምስ ዘይትርከቡ ግን፡ ብዝተረኸቡ ኣባላት ውሳነ ከሕልፍ ምዃኑ ነፍልጥ።

"ለስ ምክፍፋል ጋዝ" ሓላፊ ማሕበር

ኣመልካቲ፡ ኣቶ ሰሎሙን ተወልደብርሃን ብወከሎም ወ/ሮ ኣረጋሽ ወልደሰላሴ ጸጋይ ኣብሎም፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ዒላበርዒድ ከተማ ኤደን ብ1989 ብሕጋዊ መገዲ ዝተመራሕክዎ መሬት ስፍሓት 10*5 ት/ሜ፡ ሓደ ክፍሊ ዝተሰረሐን ሓደ ክፍሊ ዝተሰረተን ንብረተይ ምዃኑ እናሓበርኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተዘይፈሩ ውሳነ ሐዘ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ከተማ ኤደን ምምሕዳር ን/ዞባ ዒላበርዒድ ይቕረብ። እንተዘይቀርብ ብዘይ ሰዓት ጉዳዩ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲ፡ ኣቶ ሰሎሙን ተወልደብርሃን
ወኪል ወ/ሮ ኣረጋሽ ወልደሰላሴ ጸጋይ



### ምስጋና

ብሞት እኖናቅረ ኣዴናን ሓፍትናን መኣዛ ሃብተማርያም ኣባይ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ካብ ሃገረ ኣመሪካ ከተማ San jose (Bey area) ኣብ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩምና ፈተውትን ቤተሰብን፡ ኣብ መካነ መቓብር 4 ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ወዳ ዳንኤል ግርማይ ምስ
ምሉኣት ስድራቤት



### ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡
ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ
8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00
– 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior HE Mine Trainer
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• Assist the Mine Safety and Training Superintendent to establish a competency based training system in the use of HE mining machinery to facilitate the safe and productive use of machines in order to sustain operations at Asmara Mining Share Company operations.
• Provide training and assessment to Eritrean nationals to ensure safe and efficient operations of their machinery in the workplace.
Safety
• Provide leadership to trainees and other staff in Health & Safety
• Mentor & Coaching team members.

Training
• Develop in conjunction with mining superintendents a skills based HE Equipment training program across the mining department
• Establish training plan by machine and module in mine operations
• Ensure all mining crew are trained and authorized to operate mining equipment.
• Ensure training and mentoring plan is implemented to standard.
• Manage the training and upgrading the National workforce through successful skills transfer.
• Build relationships with other departments.
Management
• Manage HR issue for the ERT team and co-ordinate with HR as required. Recruiting of new ERT team members.
• Develop and update ERT rosters inclusive of leave to provide appropriate ERT coverage.
• Manage compliance to procedures of ERT team.
• Manage the work capability and availability of the ERT team.
• Work in harmony with other departments continually for positive outcomes.
Reporting
• Prepare reports with respect to safety and training performance against established KPI's

Develop Standards
• Ensure training complies with local and international standards.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents
• Certificate IV or similar qualification in Workplace Training and Assessment
• Competency certificates for HE equipment and drills.
Working Experience – Nature & Length
• 8-10 years' experience in large open-pit and underground mining with 3 years in Mine Training.
• Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining
• Experience in operation heavy mining equipment
• Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team
• Dover Testing and Simulator training desirable.
Technical Skills
• Leadership skill in multi-disciplinary environment.
• Analytical skills
• Attention to detail
• Report Writing skills
• Sound decision making skills
• Plan, organise and execution skills
• Understand Machine capabilities and deliverables
• Valid Driver's License
• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)
• Management skills
• Budgeting skills
• Plan, organize & execution skills
Behavioral Skills
• Communication (English)
• Safety leadership by example
• Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
• Good Interpersonal and mentoring skills
• Commitment to deliver on agreed targets
• Results oriented
• Demonstrated team building and mentoring skills
• Well organized
• Commitment to nationalization of the workforce

General Information and other requirements:

| | |
|---|---|
| . Place of Work: | Asmara Office & AMSC Sites |
| . Type of contract: | Indefinite Period |
| .Salary: | As per the Company salary scale |

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሃዋይ - ባርዕ ጫካ ኣብ 100 ዓመት ዘይተራእየ ሰባዊ ክሳራ ኣውሪዱ

ኣብ ክፍለሃገር ሃዋይ - ሕመኣመራ ተኸሲቱ ዘቕጸ ከቢድ ሓደጋ ባርዕ ጫካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 100 ዓመት ኣብታ ሃገር ካብ ዝተራእየ ተመሳሳሊ ሓደጋታት እቲ ዝለዓለ ሰባዊ ክሳራ ዘየብ ሓደጋ ኩይኑ ከምዝሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ቁጽሪ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ናይ ዝሞቱ ሰባት ዝሓለፈ ቀዳም ናብ 93 ክብ ድሕሪ ምባሉ እዩ።

በቲ ሓደጋ ገና ደጸዎም ዝጠፍኡ ሰባት ብምህላዎም ድማ፡ እቲ ቁጽሪ ክይወሰኽ ስግኣት ከምዝሎ፡ ሰብመዚ እታ ክፍለሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰበስልጣን፡ ልዕሊ 12 ሽሕ ነባሪ ዘለዉዋ - ኣብ ደንደስ ባሕሪ እትርከብ ሓወሲ፡ከተማ ላሃይና፡ ብሰንኪ'ቲ ባርዕ ምሉእ ብምሉእ ናብ ሓሙ'ኸሽቲ ተለዊጣ ኣላ።

ኑታ ከተማ ዳግማይ ንምህናጽ ድማ፡ 5.5 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ከድሊ ምዃኑ ይግለጽ ኣሎ።

ኣብታ ክፍለሃገር ዛጊት ልዕሊ 850 ሄክታር ጫካ ክሀሞኽ እንከሎ፡ ልዕሊ 2,200 ህንጻታት ድማ ዓንዩ ኣሎ።

ከም ሳዕቤኑ ከኣ ከባቢ 4,500 ነበርቲ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ኣለው።



## ፖላንድ፡ ብጉዳይ ስደተኛታት ረፈረንደም ከተካይድ'ያ

ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ማዚውዝ ሞራዌከ፡ ጉዳይ ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሩ ፍታሕ ንምርካብ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ኣብ ዝቐጽል ቀረባ ኣዋርሕ ህዝባዊ ረፈረንደም ከካይድ ይሓስብ ከምዝሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሰነቡት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብቲ ኣብ ዝመጽእ ጥቅምቲ ክካየድ ትጽቢት ዝግበረሉ ህዝባዊ ረፈረንደም፡ ፖላንድ ንዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ንምቕባል ወይ ንምንጻግ ህዝቢ ድምጹ ክህብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ፖላንድ ንጉዳይ ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ረፈረንደም ከተውርዶ ትሓስብ ዘላ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ነቶም ናብ ከም ግሪኽ ኢጣልያን ጀርመንን ዝኣመሰለ ወሰናት ሃገራት እቲ ሕብረት ጥራይ ዝውሕዙ ዘለዉ ስደተኛታት፡ እንተላይ ናብ'ተን ንኣሰ ቁጠባ ዘለወን ካልኦት ሃገራት ፋሕ ንምባል እማመ ኣዳልዩ ምህላዉ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ፖላንድን ሃንጋሪን ድማ፡ እተን ነቲ እማመ ብትሪ ዝቃወማኦ ዘለዋ ቀዳሞት ሃገራት ናይቲ ሕብረት ምዃነን ይንገረለን።

ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ዓለም ዝተሰዱ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ተቐቢሉ ከምዝሎ፡ እንተኾነ ከም ኢጣልያን ግሪኽን ዝኣመሰላ ኣባላቱ፡ ነቶም ስደተኛታት ናይ ምዕቃብ ዕማም ልዕሊ ዓቕመን ኩይኑወን ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ።

በዚ ምኽንያት ድማ፡ ኣብዘን ሃገራት ጉዳይ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ከቢድ ፖለቲካዊ ቅልውላው ይፈጥር ከምዘሎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን 'ፍሉይ ወተሃደራዊ ስርሒት' ዝሰልቶ ወፍሪ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ፖላንድ ንልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዩክሬናውያን ስደተኛታት ተቐቢላ ከምዘላ'ያ እትገልጽ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ተቓወምቲ ሰልፈታት እታ ሃገር፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ጸዓዱ ዘይኮኑትን እምነት ክርስትና ዘይክተሉን ካልኦት ስደተኛታት ምቕባል ማለት፡ ንህላዌ መንነት ፖላንድ ኣብ ሓደጋ ምውዳቕ ማለት ምዃኑ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ኣንጻር ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ደው ክብል'የን ዝጽውዓ ዘለዋ።

ፖላንድ፡ ነቲ ምስ በላሩስ ዘራኽብ 186 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ዶባታ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብጽኑዕ መንደቕ ሓጺራ ልዕሊ 7 ሽሕ ወተሃደራት ሓለዋ ዶብ ከምዝዋፈረትሉ ኣይርሳዕን።

## "ንፕረዚደንት ባዙም ብኽሕደት ሃገር ክንከስሶ ኢና" መራሕቲ ዕልዋ ኒጀር

ዝሓለፈ 26 ሓምለ ብዘፈጸምዎ ዕልዋ መንግስቲ በትረስልጣን ጨቢጦም ዘለዉ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኒጀር፡ ነቲ ካብ ስልጣኑ ዝኣለዩዎ ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ብኽሕደት ሃገር ክስሶም ናብ ሕጊ ከቕርብዎ ምዃኖም ኣፍሊጦም።

እቶም ጀነራላት ነዚ ዝገለጹ፡ ናብታ ሃገር ብምብጻሕ ምስኦም ዝዘራረብ - ብኣስላምት ምሁራን ሃይማኖት ምስልምና ናይጀርያ ዝቖመ ጉጅለ ልኡኽ "መራሕቲ ዕልዋ ኒጀር ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ንምፍታሕ ድሉዋት ኣለዉ" ክብል ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት እዩ።

ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት፡ ኣፈኛ ናይ'ቶም መራሕቲ ዕልዋ ብቴለቪዥን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ፕረዚደንት ባዙም ኣዝዩ ከቢድ ክሕደት ሃገር ፈጺሙ ኣሎ" ድሕሪ ምባል፡ በቲ ዝፈጸሞ ንወሸጣውን ግዳማውን ድሕንነት ኒጀር ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ተግባራት ክኽሰስ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ወዲ 63 ዓመት ፕረዚደንት ባዙም፡ ኣብዚ እዋን ምስ በዓልቲ፡ቤቱን ደቁን ኣብ ገዛኡ'ዩ ተሓዩሩ ዘሎ።

እኹል መድሃኒት፡ መግብን ጸሩይ ዝስተ ማይን ከይረኽበ ተኸልኪሉ ምህላዉ ዝገልጹ ብዙሓት ወጽዓት ምዕራብ ድማ፡ ከኻታት ጥዕንኡ ኣሻቒሊኡዎም ከምዘሎ ይሕብሩ።

እቶም መራሕቲ ዕልዋ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘመሓላለፍዎ መግለጺ'ውን፡ ኣኻዊስ ሰራዊቱ ናብ ኒጀር ልኢኹ ካብ ስልጣኖም ብሓይሊ ክኣልዮም እንተፈቲኑ፡ ነቲ ኣብ ትሕተ'ቶም ዝርከብ ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ክቐትልዎ ምዃኖም፡ በዚ ድማ እቲ ዝካየድ ወተሃደራዊ ስርሒት ማይ ዓሚቑ ክተርፍ ምዃኑ ኣጠንቂቖም ነይሮም።

በዚ ዝየገአ ኣኻዊስ ከኣ ዋላ'ኳ ካብ ኣባላቱ ዝተዋጽኡ ግዚፍ ሰራዊት ኣብ ኒጀር ስርሒት ንምክያድ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሕ ዝሓለፈ ሰሙን እንተወሰነ፡ ቅድሚ ናይ መወዳእታ ወተሃደራዊ ትእዛዝ ምሃቡ ግን፡ ነቲ ጸገም ንቕድም ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ንምፍታሕ ጻዕርታት ክካየድ ወሲኑ ከምዘሎ'ዩ ዝንገረሉ።

ማሊ፡ ቡርኪናፋሶ፡ ኣልጀርያን ሩስያን ዝርከብኦን ሓያል ሃገራት፡ ኣኻዊስ ኣብ ኒጀር ወተሃደራዊ ጣልቃ ከይኣቱ ብትሪ ከጠንቅቓ ከለዋ፡ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 2,500 ወተሃደራት ኣዕቊረን ዘለዋ ፈረንሳን ኣመሪካን ድማ፡ ኣኻዊስ ወተሃደራዊ ጣልቃ ክኣቱ ቀጠልያ መብራህቲ ወሊዐን ካብ ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ምዃነን ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ሩስያ፡ ናይ ኩናት መራኽብ ሓድሽ ኣጽዋር ተዕጥቓን

ሩስያ፡ ንኃይ ትሕተባሕሪ (ሳብማሪን) መራኽብ ሓድሽ ዓይነት ኣጽዋር ተዕጥቓን ከምዘላ ኣፍሊጣ።

ወከል ኣገልግሎት ዜና'ታ ሃገር (RIA) ንኣዕለምት ሰብመዚ ሩስያ ብምጥቃስ ትማሊ ኣብ ዝዘርገሖ ዜና፡ ብቴክኖሎጂያዊ ጸዓት ዝንቀሳቐሳ ናይ ትሕተባሕሪ መራኽብ ሩስያ፡ ካብ ድምጺ ብብዙሕ ዕጽፊታት ዝቕልጥፍ ፍጥነት ዘለዎ ሚሳይል ንፈለማ እዋን ይዓጥቃ ከምዘለዋ ጸቢጹ።

ዋና ኣካይዲ ስራሕ ናይቲ ኣብ ምስናዕ ሳብማሪናት ሩስያ ዝጥፍ 'United Shipbuilding Corporation' ዝተባህለ ኩባንያ ነቲ ኣገልግሎት ዜና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሩስያ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘማዕበለቶ 'ዚርኮን' ዝተባህለ ንመራኽብ ዚሑ ሃይፐርሶኒክ ሚሳይል፡ ኣብተን ብቴክኖሎጂያዊ ጸዓት ዝሰርሓ ሳብማሪናት ከምዝዕጠቕ ንምግባር ስራሕ ተጀሚሩ ከምዝሎ ገሊጹ።

ሩስያ፡ ነተን ኣብ እዋን ሕብረት ሶቭየት ዝተሰርሓን ብኑክሌር ዝሰርሓን ሳብማሪናታ ብዘመናውያን ንምትካእ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ብ'Yasen-M' ዝፍለጣ ብኑክሌር ዝንቀሳቐሳን ክሩዝ ሚሳይል ዝዕጥቃን ኣዝየን ዘመናውያን ሳብማሪናት ከምተማዕብል'ዩ ዝንገረላ።

ብመሰረት ወተሃደራውያን ክኢላታት ምዕራብ፡ ሩስያ ኣማዕቢላቶ ዘላ ሃይፐርሶኒክ ሚሳይል ዚርኮን፡ ካብ ድምጺ ብ8 ዕጽፊ ዝቕልጥፍ ፍጥነት ዘለዎ ኩይኑ ኣብ ሰዓት ልዕሊ 11 ሽሕ ኪሎሜተር ክውንጨፍ ይኽእል።

እዚ ክሳብ 900 ኪ.ሜ ርሒቑ ንዝርከብ



## ትራምፕ፡ "ኣብ ምርጫ ናይ ምዕዋት ተኽእሎይ 100% በጺሑ" ይብል

ኣብ ልዕሊኡ ንዝተመስረተ ሓያል ገበናዊ ክሲታት ንምፍሻል ጠበቓታት ቈጺሩ ኣብ ቤትፍርዲ ዝምጉት ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ዓመት ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ንፕረዚደንት ባይደን ረቲዑ ናይ ምዕዋት ተኽእሎኡ 100% በጺሑ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ቢልየነር ፖለቲከኛ፡ ኣብታ ኣብ ምርጫ 2020 ንባይደን ብጠፊሕ ዝሰዓረላ ክፍለሃገር ኣዩዋ ንደገፍቱ ኣብ ዘሰመዮ መደረ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2024፡ ነቲ ወዲ 80 ዓመት ሽማግለ ኩይኑ ዘሎ ባይደን ሰዒሩ ዳግማይ ፕረዚደንት ኣመሪካ ክኸውን ምዃኑ ብርእሰተኣማንነት ተዛሪቡ።

እንደገና ምስ ጋዜጣ 'Sunday Times' ኣብ ዝገበሮ ቃለምሕትት ድማ፡ ንባይደን ኣብቲ ምርጫ ኣዝዩ ዘሕፍር ስዕረት ከጐልብቶ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብዚ እዋን ዝወጹ ዘለዉ ንርእይቶ ህዝቢ ኣመሪካ መሰረት ዝገብሩ ጸብጻባት ከምዘሕብሩዎ ዘለዉ፡ እንተኾይኑ፡ ትራምፕ ሕጹይ ናይ ሰልፊ ረፓብሊካውያን ኩይኑ ኣብቲ ምርጫ ናይ ምስታፍ ተኽእሎኡ ዳርጋ ርጉጽ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ።

ቅድሚ ትሽዓተ ኣዋርሕ ግን፡ ኣመሓዳሪ ክፍለ ሃገር ፍሎሪዳ ዝኾነ ወዲ 44 ዓመት ሮን ደሳንቲስ ብ23 ደምሲ. ብልጫ ቀዳምነት ብምሃቡ፡ እቲ ኣመሓዳሪ ቀዳማይ ሕጹይ ሰልፊ ረፓብሊካውያን ከይኮውን ንትራምፕ ከቢድ ስግኣት ፈጢሩሉ ነይሩ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ሮን ደሳንቲስ ኣብዚ እዋን ኣብ ክፍለሃገር ኣዩዋ ኣብ ዝገበሮ ናይ ምርጫ ኀሰሳ ኣዝዩ ትሑት ደገፍ ክረክብ ብምኽኣሉ፡ ንትራምፕ እፎይታ ፈጢሩሉ ኣሎ።

ክፍሊ. ፍትሒ. ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ. ትራምፕ ዝመስርቶ ዘሎ ዝተፈላለዩ ክሲታት፡ ነቲ ፕረዚደንትነቱ ዝናፍቕ ህቡብነት የምጽኣሉ ከምዘሎ፡ ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ኣመሪካ ይገልጹ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ደገፍቱ ኣብ ዝለኣኾ ናይ ኢመይል መልእኽቲ፡ ኣብ ልዕሊኡ ክሳብ ን561 ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ከዳጉኖ ዝኽእል ክሲታት ከምተሰርሐ ከምዝተኽእል ብምግላጽ፡ ደገፍቱ ንመመጉቲ ቤትፍርዲ ዝኸውን ገንዘብ ብቕልጡፍ ከዋጽኡሉ ተማሕጺኑ ነይሩ።



ዓሶማ ብልክዕ ክውቅዕ ዓቕሚ ዘለዎ ሚሳይል፡ ብዘለዎ ልዑል ቅልጣፈ. ብዘኾነ ይኹን መከላኸሊ. ሚሳይል ክትዓግቶ ፈጺሙ ዘይከኣል ምዃኑ ድማ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ከይተረፈ ኣብ ፈለማ ናይዚ ዓመትዚ. ክምስክሩሉ ተሰሚዖም ነይሮም።

ፕረዚደንት ፑቲን ብዘይካዚ፡ ሃገሩ ዘለዋ ኑክሌሳዊ ሓይሊ ንምግላብ፡ ከምዝኣም ዝኾኑ ስትራተጂያውን ሚሳይላት ብብዝሒ ከተፍሪ ምዃና'ውን ኣብቲ እዋን ወሲኹ ገሊጹ ነይሩ።